
# ሓዳስ ኤርትራ

መበል 35 ዓመት ቁ.34 ዓርቢ 10 ጥቅምቲ 2025 ገጻት 12 ዋጋ 2.00 ናቕፋ




ገጽ 2
ዜና

ገጽ 3
ኣብ ሕሳብ ምትሕሳብ


ገጽ 5

ተጋዳላይ፡ ካብ ጉስነት ክሳብ ማስተርነት

ገጽ 6
ነድሪ ከረጺት ሓሞት


ገጽ 11
ክለብ ኲዕሶ ስኪዐት ኣስር ሚኒ-ባስከትቦል 200 ተመሃሮ ኣመረቐ



# ፕረዚደንት ኢሳይያስ፡ ንቀዳማይ ሚኒስተር ሱዳን ተቐቢሉ ኣዘራሪቡ


ስእሊ-ኣክሊሉ ዘርእዝጊ

ፕረዚደንት ኢሳይያስ ኣፈወርቂ፡ ብቐዳማይ ሚኒስተር - ዶ/ር ካምል እድሪስ ንዝተመርሐ ላዕለዋይ ልኡኽ መንግስቲ ሱዳን፡ ትማሊ ኣብ ሰዓታት ምሸት ኣብ ኣዳራሽ ሃገር ተቐቢሉ ኣዘራሪቡ።

እቲ ዘተ፡ ኣብ ምድንፋዕ ክልተኣዊ ዝምድና፡ ግጭት ሱዳን ንምዕራፍ ኣብ ዝካየድ ዘሎ ጻዕሪ፡ ከምኡ’ውን ሓባራዊ ኣገዳስነት ኣብ ዘለዎ ዞባውን ኣህጉራውን ምዕባለታት ዘተኮረ ነይሩ።

ፕረዚደንት ኢሳይያስ፡ መርገጺ ኤርትራ ኣብ ጉዳይ ሱዳን፡ ንሓድነትን ክብረትን ሱዳን ዘድግፍ መትከላዊ፡ ጽኑዕን ዘይልወጥን ከምዝኾነ ብምንጻር፡ ግጭት ሱዳን ዘላቒ ፍታሕ ንኽረክብ፡ መንግስቲ ኤርትራ ዝከኣሎ ከምዝገብርን ጻዕርታቱ ቀጻሊ ምዃኑን ኣረጋጊጹ።

ቀዳማይ ሚኒስተር ካምል እድሪስ ብወገኑ፡ መልእኽቲ ሰላምን ሰናይ ምንዮትን ኣቦ-መንበር ልኡላዊ ባይቶ ሱዳንን ላዕለዋይ ኣዛዚ ሰራዊትን ጀነራል ዓብዱልፋታሕ ኣልቡርሃን ናብ ፕረዚደንት ኢሳይያስ ኣፈወርቂ፣ ከምኡ’ውን ሰላምታን ምስጋናን መላእ ህዝቢ ሱዳን ድሕሪ ምብጻሕ፡ “ኣብ’ዚ ህዝቢ ሱዳን ንከቢድ ፈተና ዝተሰገደደ ኩናት ተቓሊዑሉ ዘሎ እዋን፡ ብመሪሕነት፡ መንግስትን ህዝብን ኤርትራ ዝተራእየ፡ ካብ ክብረታት ዝምንጩ ተባዕ መርገጺ፡ ዘሐብንን ታሪኻውን’ዩ።” ክብል ገሊጹ።

ኣብ’ቲ ርክብ፡ ብወገን ኤርትራ ሚኒስተር ጉዳያት ወጻኢ ኣቶ ዑስማን ሳልሕን ኣምባሳደር ዒሳ ኣሕመድ ዒሳን፣ ብወገን ሱዳን ድማ ሚኒስተር ጉዳያት ወጻኢን ኣህጉራዊ ምትሕግጋዝን ኣምባሳደር ማሕዩዲን ሳልም ኣሕመድ፡ ሚኒስተር ዜና፡ ባህልን ቱሪዝምን ኻልድ እስማዒል ኣሕመድ፡ ከምኡ’ውን ኣምባሳደር ኣብ ኤርትራ ኡሳማ ኣሕመድ ዓብደልባሪን ካልኦትን ተረኺቦም ነይሮም።

እዚ ከም’ዚ’ሉ እንከሎ፡ ቀዳማይ ሚኒስተር ሱዳንን ምስኡ ዝመጸ ላዕለዋይ ጉጅለ ልኡኽን ብፕረዚደንት ኢሳይያስ ኣፈወርቂን ሚኒስተር ዑስማን ሳልሕን ተሰንዩ፡ ኣብ ቀንዲ ጎደናታት ኣስመራ ብእግሪ ዑደት ኣብ ዝኻየደሉ፡ ፍቕርን ኣኽብሮትን ህዝቢ ኤርትራ ንኣሕዋት ሱዳናውያን ዝገልጽ ግብረ-መልሲ ረኺቡ።


ስእሊ-ሳልሕ ዓብደልቓድር

ብዘይካ’ዚ እቲ ልኡኽ፡ መልክዓ-መሬት ከባቢ ድርፎ ተዓዚቡን ኣብ መሰገድ ኣልኹላፋእ ኣልራሽዲን ሰላት ኣብጺሖም።

ቀዳማይ ሚኒስተር ዶ/ር ካምል እድሪስ ዝመርሖ ላዕለዋይ ልኡኽ ሱዳን፡ ናይ ክልተ መዓልታት ናይ ስራሕ ምብጻሕ ንምፍጻም፡ ትማሊ ፍርቂ መዓልቲ ኣስመራ ኣብ ዝኣተወሉ፡ ሚኒስተር ጉዳያት ወጻኢ ኣቶ ዑስማን ሳልሕን ኣምባሳደር ዒሳ ኣሕመድ ዒሳን ተቐቢሎምዎ።

ቀዳማይ ሚኒስተር - ዶ/ር ካምል እድሪስ፡ ኣብ ዝሓለፈ ወርሒ ግንቦት’ዩ ብኣቦ-መንበር ልኡላዊ ባይቶ ሱዳን ጀነራል ዓብዱልፋታሕ ኣልቡርሃን ተመዚዙ።


ስእሊ-ኣክሊሉ ዘርእዝጊ

# መደበር ጥዕና ቈሓይቶ፡ ኣብ ድሕነት ኣደን ህጻንን ኣበርክቶ ትገብር ኣላ

መደበር ጥዕና ቈሓይቶ፡ ንዞባ ደቡብ ምምሕዳራት ከባቢ ማሰለዛላ፡ ሳፈራ፡ ካራቦሱ፡ ደምሒና፡ ጋርባሳ ሰበራሶን ኣብ ድሕነት ኣደን ህጻንን ዘተኰረ ዝምስጋን ኣገልግሎት ትህብ ከምዘላ ተገሊጹ።

ሓላፊ ናይ'ታ መደበር ነርስ መሓመድ ሳልሕ ኣብ ዝሃቦ ሓበሬታ፡ ሓፈሻዊ ሕክምና፡ ኣገልግሎት ቅድምን ድሕርን ሕርሲ፡ ክታበት፡ መርመራ ኤች.ኣይ.ቪ/ ኤይድስን ፋርማሲን ከምዝወሃብ ብምጥቃስ፡ መጠን ሽፈነ ክታበት 99 ሚእታዊት ከምዝበጽሐ ኣብሪሁ።

ንክንክን ቅድምን ድሕርን ሕርሲ ኣመልኪቱ ድማ፡ ነርስ መሓመድ ሳልሕ፡ ንቅሓት ሰለዝበረኸን መጸበዩ ነፍሰጾራት ሰለዝተዋደደን፡ ዝተማልአ ኣገልግሎት ተረጋጊጹ ከምዘሎ ሓቢሩ።

መደበር ጥዕና ቈሓይቶ፡ ካብ ከተማ ዓዲቐይሕ ንሸነኽ ምብራቕ 23 ኪሎ-ሜትር ርሒቓ ትርከብ።



ስእሊ. ሚልዮን ኣፈወርቂ

# ሸዕብ - ውጽኢት ትምህርቲ ንምምሕያሽ ክሰርሕ መዘኻኸሪ ቀሪቡ

ኣብ ንኡስ ዞባ ሸዕብ፡ ውጽኢት ትምህርቲ ንምምሕያሽ ወሃዲ ጻዕሪ ናይ ኩሎም ኣካላት ከምዘድሊ፡ ብልጫን ብድሆታትን ዓመተ 2024/2025 ንምግምጋም ብ6 ጥቅምቲ ኣብ ዝተኻየደ ኣኼባ መዘኻኸሪ ቀሪቡ።

ሓላፊ ኣብዮተ-ትምህርቲ መምህር ጀምዕ ሳልሕ ኣብ ዘቕረቦ ጸብጻብ፡ ክምዚ ካብ ዝሓለፉ 2,793 ደቀኣንስትዮ ዝርከብኦም 6,762 ተመሃሮ እቶም 90 ሚእታዊት ከምዝሓለፉ ብምሕባር፡ ሽልልትኦት ወለዲ፡ ብኩራትን ትሑት ተገዳስነትን ተመሃሮ፡ ከምኡ'ውን ዋሕዲ መምህራን ካብ ቀንዲ ብድሆታት ከምዝኾኑ ገሊጹ።

ሓላፊ ጨንፈር ትምህርቲ ዞባ ሰ/ቀ/ ባሕሪ መምህር ረሺድ መሓመድ-ዑስማን ብወገኑ፡ ብቐዓት ትምህርቲ ንምርግጋጽን ተሳትፎ ደቀኣንስትዮ ንምሕያልን ኣብ ዝግበር ጻዕሪ፡ ተራን ኣበርክቶን ኣመሓደርትን ኮሚቴ ወለድን ክዕዘዝ ጸዊዑ።

ኣመሓዳሪ ንኡስ ዞባ ሸዕብ ኣቶ ኣብብክር ኢብራሂም ብወገኑ፡ ማሰርሕ ምምሃርን ምስትምሃርን ንምሕያልን ምቍራጽ ተመሃሮ ንምግታእን፡ ሰሉሳዊ ዝምድና ወለዲ፡ ተመሃሮን መምህራንን ክድልድል ኣዘኻኺሩ።

ኣብ ንኡስ ዞባ ሸዕብ፡ ካብ ቅድመ-ትምህርቲ ክሳብ ካልኣይ ደረጃ ዝምህራ 30 ኣብያተ-ትምህርቲ ኣለዋ።


ብዘይካ ሰኑይ መዓልታዊ እትሕተም ጋዜጣ

ዋና ኣሰናዳኢ

ብርሃነ ምሕረትኣብ

ምክትል ኣሰናዳኢ

ዓብደልቃድር ኣሕመድ

ቍ.ስ 116266 / 201820 (256)

ቦርድ ምስንዳእ

ዮሴፍ ሃይለማርያም

ምሉእብርሃን ሃብተገብርኤል

ተስፋኣለም የማነ

ሙሴ ገ/እግዚኣብሄር

ቍ.ስ 201820 (250)

ፋክስ. 127749 - ቍ.ሳ.ጶ. 247

ለይ-ኣውት

ፍርቱና ኤፍሬም · ትንሱእ ፍስሃየ

ሳምራዊት ሃብተ · ሰሎሜ ኣፈወርቂ

ፋጥና ኣድም

ምዝርጋሕ ጋዜጣ

ቍ.ስ.113395-07588045

ምልክታ

ቍ.ስ 125013 - ቍ.ሳ.ጶ. 1284


# ርእሰ ዓንቀጽ

## ዓይኒ ሕንከት ዘይብሉ ስልበጣ

ብ2 ጥቅምቲ 2025 ሚኒስትሪ ጉዳያት ወጻኢ ኢትዮጵያ፡ ናብ ዋና ጸሓፊ ሕቡራት ሃገራት፡ ኣንቶንዮ ጉተሬዝ፡ ንካልኣይ ግዜ ናይ ክሲ ደብዳበ ጽሒፉ። ኣብ ዝሓለፈ ሰነ እውን፡ 'ኤርትራ ንህውሓትን ፋኖን ብምድጋፍ ኣብ ክራማት 2025 ሰፊሕ መጥቃዕቲ ክትፍንወልና መደብ ሒዛ ኣላ' ዝብል ክሲ ኣቕሪባ ምንባራ ይዝከር።

ኣብ መንጎ ህዝብታት ኤርትራን ኢትዮጵያን፡ ሓንሳብን ንሓዋሩን ብሕጊ ዝተዓጽወ ጉዳይ ብምልዓል፡ ጽልኢን ቅርሕንትን ንምግሃሃር፡ እንተተኻኢሉ እውን ኲናት ንምብራዕ፡ ስርዓት ብልጽግና ንልዕሊ ክልተ ዓመታት ክኸይዶ ዝጸንሐ፡ ኣእዛን ዘሰልከየ ዘሙተ-ባሕሪ ዝተኸታተለ፡ ኤርትራ ክትከሰስ'ዩ ዝጸንሐ። ምኽንያቱ ብዓንቀጽ 2 (4) ቻርተር ሕቡራት ሃገራት፡ ኣንጻር ልዑላውነት፡ ግዝኣታዊ ሓድነትን ፖለቲካዊ ናጽነትን ሓንቲ ኣባል ሃገር፡ ሓይሊ ምጥቃም ኮነ ብምጥቃም ሓይሊ ምፍርራሕ ዘይፍቀድን ውጉዝን'ዩ።

እዚ ቀንዲ መትከል ኣህጉራዊ ዝምድናታት'ዚ ብምጥሓስ፡ ብልጽግና፡ ዕሉታዊ ኩብዝል ብዘኽእል ምድግጋም፡ ኣብ ዝተረኽበ መድረኻትን ኣጋጣሚታትን፡ ብመገዲ ዝተፈላለዩ ፖለቲካውን ወተሃደራውን መራሕቲ፡ ንልኡላውነትን ግዝኣታዊ ሓድነትን ኤርትራ ዝዳፈር መግለጺታት ኪጋውሕጸኒሑ ኣሎ። ኣብ ማሕበራዊ ሚድያ ዝጦፉ ልኡኻቱ፡ ኣንጻር ኤርትራን ህዝባን ዘካይድዎ ዘለዉ ሕሱር ዘመተ ድማ መሰደመም እዩ።

"ግዙፍ ስትራተጂ ክልተ ማያት ሓንጺጽና ኣለና፣ ኣብ ቀረባ ግዜ ወደብ ክህልወና እዩ፣ ኣረፊ ንዓመታ ኣብ ገምገም ባሕሪ ከብዕሎ ኢና፣ ሓይሊ ባሕሪ ዘቘምናሉ ምኽንያት ባሕሪ ሰለዝደለና ኢና፣ ክመጻና ዝኽእል ስግኣት ንምክልኻል ኣብ ቀይሕ ባሕሪ ወተሃደራዊ መደበር ክህልወና ኣለዎ፣ 130 ሚልዮን ህዝቢ ሒዝና ብዘይ ባሕሪ ክንነብር ኣይንኽእልን ኢና፣ ዝጠመየ ህዝቢ ሕጊ የብሉን፣ ውሕጅ ኳይንና ክንውሕጠኩም ኢና፣ ካልኦት ኣብ ማርስ ግዝኣት ክሕዙ እናሓለሙ፡ ንሕና ኣብ ኣፍንጫና ዘሎ ባሕሪ እንተሓለምና እንታይ ነውሪ ኣለዎ፣ ጉዳይ ሓጸቢ ህዳስ ወዲእና፡ ሕጂ ናብ ቀይሕ ባሕሪ ኢና፣ ኢትዮጵያ ባሕሪ ዘስኣነትሉ ኲናት ቅቡል ኣይኮነን፣ ረፈረንዱም ኤርትራ፡ ህዝቢ ኢትዮጵያ ድምጹ ስለዘይሃበሉ ሕጋዊ ኣይኮነን፣ ኢትዮጵያ ንናጽነት ኤርትራ ኣፍልጦ ክትነፍግ ትኽእል እያ፣ ሓሙሽተ ዓመታት ተጸቢና፡ ካብዚ ንላዕሊ ክንጸንሕ ኣይንኽእልን ኢና፣ ኲናት ዘይተርፍ'ዩ! ቀሪቡ! ተወሊዑ! ሰራዊት ኣብ ዶብ ተጻጊዑ ኣሎ! ኣጆና ኣይንፍራሕ! ኣምላኽ ብልጽግና ሒዝና ንኽእል ኢና! ቀሊል'ዩ! ግዜ እውን ኣይወስደልናን'ዩ! እንተወሰደ ሳልስቲ'ዩ! ነዊሕ ርሕቀት ዘውንጨፍ ሚሳይላት ኣለና! ድሮናት ኣለዋና! ብሸነኽ ዓሰብ ኮነ ብኣምሓጀርን ሱዳንን ተኻሊልና ከምዚ ክንንብር ንኽእል ኢና. . ." ዕሸላዊ ሃተፍተፍ ብልጽግና ማእለያ የብሉን።

ህዝቢ ኤርትራ ረዚን ህዝቢ እዩ። ናብ ከምዚ ዓይነት መኣዲ ሃጠው ቀጠው ዝዕደም ኣይኮነን። ብዙሓት ፈከርቲን ተጃሃርቲን ስለዝርኣየ ከኣ፡ በዚ ታህዲዳት'ዚ ተሰናቢዱ ናብ ክሲ ዝጓየ ኣይኮነን። መንግስቲ ኤርትራ ትም ዝበለ፡ ዝበዝሕ ጠፊኡዎ ዘይኮነ፡ ከም ባህሊ ትም ምባል ስለ ዝመርጸ ጥራይ እዩ።

ፕረዚደንት ኢሳይያስ ኣፈወርቂ ኣብ ሓምለ 2025 ንማዕከናት ዜና ውሽጢ ሃገር ኣብ ዝሃቦ ቃለመሕትት፡ በዚ ዝስዕብ ቃላት ነዚ ጉዳይ'ዚ ብዘይወላውል ኣዂሩዎ እዩ።

"ሸውሃት ናይ ኲናት የብልናን። ኣብ ልዕሊ ጐረባብትና ሕቶ ወይ ጥሙሕ ናይ ግዝኣት እውን የብልናን። እንተድኣ ተጠቒዕና ግን ከመይ ገይርና ነብስና ከም እንከላኸል ንፈልጥ ኢና። እዚ ታሪኽና ዝምስክሮ እዩ። ሰልፊ ብልጽግና - ድሮናት፡ ናይ ነዊሕ ርሕቀት ሚሳይላትን ካልእን ከም ዝዓደገ ብጉራ ይዛረብ ኣሎ። ማዕበላዊ መጥቃዕቲ ኣብ ልዕሊ ኤርትራ ክፍጽም ከምዝኽእል እውን የፈራርሕ ኣሎ። እዚ ጥዑይ ኣእምሮ ዝሓስቦ ኣይኮነን። ታሪኽ ዘይፈልጡ ወገናት ጥራይ እዮም ከምዚ ዝብሉ። ሕጂ እውን መልስና፡ ንህዝቢ ኢትዮጵያ ኣብ ዘጽድልዮ ኣዕናዊ ኲናት ኣይተእትውዎ፡ ሽግራትኩም ኣብ ምፍታሕ ኣተኩሩ፡ ዓዲ ወዓሉ! ዝብል እዩ።"

በዓል ነዊሕ ተመኩሮ ህዝቢ ኢትዮጵያ እውን እንተኾነ፡ ነዚ ልዕሊ ክልተ ዓመት ዝቐጸለ ቁዘማ ባሕሪ፡ እንዳ ኣይሃቦን። ኣጉል ሕልሚ፡ ምህሙን ምጉት፡ ዕጹው መዝጉብ ምኻኑ ስለ ዝፈልጥ፡ ከምቲ ብልጽግና ዝተጸበዮ ኣይደንቀረን፡ "ሆ!" ኢሉ "ኣይትሓዘኒ!" ኣይበለን። ብሰቓት ህዝቢ ኢትዮጵያ ተሰኪፉ ዝቖረጸ ብልጽግና ድማ፡ ጭንቀቱ እናዓረገ ክመጽእ ምጽንሑ ርኡይ እዩ። እዚ ዓይኒ ሕንከት ዘይብሉ ናይ ስልበጣ ክሲ ጉሉሕ መርኣያ ናቱ እዩ።

ምስላ ዓረብ ከምዝብሎ፡ ነገር ብልጽግና "ሃሪመኒ በኸዩ፣ ቀዲመኒ ጠረዑ" እዩ። ብልጽግና ኣብዚ ናይ ሕጂ ክሱ፡ እቲ ኣብ ወልድያን ካልእ ከባቢታት ክልል ኣምሓራን ብሓይልታት ፋኖ ዝወርዶ ዘሎ ዘሰምብር መጥቃዕቲ፡ "ምድፍፋእ ናይ ኤርትራን ህውሓትን ኣለዎ" ኢሉ ኣሎ። ባዕልኻ ሓዊ ኣጉድኻ፡ "የገሀሩለይ ኣለዉ" ኢልካ ካብ ምጥራዕ ንላዕሊ ዘሕፍር ነገር እንታይ ክህሉ ይኽእል፤

ክሲ ብልጽግና ኣብ ልዕሊ ኤርትራ ሓድሽ ተርእዮ ኣይኮነን። ቀዳሞት ስርዓታት ኢትዮጵያ፡ ናብ ውድቀት ዘምርሖም ዘቤታዊ ድኽመት ንምሽፋን፡ ኢዶም ናብ ኤርትራ እናወጣወጡ እዮም ሓሊፎም። ታሪኽ ደጊሙ ብልጽግና እውን፡ ባዕሉ ብዝፈጸሞ ስትራተጂያዊ ጌጋታት ኣብ ከቢድ ወጥሪ ምስ ኣተወ፡ ብናይ ሓሶት ክሲ፡ ምድንጋጽ ማሕበረሰብ ዓለም ያኢ እንተረኸበ፡ በዚ "ኤርትራ!" ዝብል ብሉይ ቁዘማ ይልሎ ኣሎ። እንተኾነ ዘቤታዊ ጸገም ኩሉ ሳዕ ወጻኢት ባዕላዊ ድኻም እዩ፣ ንካልኦት ብምጥቃዕን ብምኽሳስን ዝፍታሕ ድማ ኣይኮነን።

# ደቡብ - ጸገና ጽርግያታት ተኻዪዱ

ኣብ ሰገነይትን እንዳገርግስን፡ ብውሕጅ ክራማት ተበላሽዩ ዝጸንሐ ጽርግያታትን ጎደናታትን ብወፈራ ተጸጊኑ።

ኣብ እንዳገርግስ ብተሳትፎ ህዝብን ኣባላት ሓይልታት ምክልኻልን ዝተዓመ ኣስታት 10 ኪሎ-ሜትር ዝሸፈነ ስራሕ፡ ንዝኸበረ ጸገም ከምዝቃለለ፡ ኣመሓዳሪ ናይ'ታ ሓውሲ ከተማ ኣቶ ኣርኣያ የዕበዮ ገሊጹ።

ኣብ ሰገነይቲ ብተመሳሳሊ፡ ኣብ ክራማት ዝተበላሸወ ጎደናታት ብጉልበታውን ንዋታውን ተሳትፎ ህዝቢ፡ ሰራሕተኛታት መንግስትን ወሃንቲ ናይ ጽዕነት መካይንን ከምእተጸገነ ወኪል ኤሪና ሓቢሩ።

ወኪል ምምሕዳር ከተማ ሰገነይቲ ኣቶ ኪዳነማርያም ኣማኒኤል ኣብ ዝሃቦ ሓበሬታ፡ ብዝተወሰደ ተበግሶ ንምንቅስቓስ ተሽከርከርቲ ኣሸጊሩ ዝጸንሐ ጎደናታት ከምእተመድመደ ኣፍሊጡ።

# ትንታነ ዜና

ሚርያም ኣብርሃም

## ሚሳይል 'ቶማሃውክ' ንሚዛን ኲናት ሩስያ-ዩክሬን ክልውጦ ይኽእል ድዩ?

ኣብ ዝሓለፈ መዓልታት፡ ሩስያ ኣንጻር ሕቡራት መንግስታት ኣመሪካ ተሪር መጠንቀቕታ ከተመሓላልፍ እያ ተሰሚዓ።

ፕረዚደንት ሕቡራት መንግስታት ኣመሪካ ዶናልድ ትራምፕ፡ ሃገሩ ናብ ዩክሬን 'ቶማሃውክ' ዝተሰምየ ናይ ነዊሕ ርሕቀት ሚሳይል ንምልኣኽ መደብ ከም ዘለዋ ዝሓለፈ ሰሙን ድሕሪ ምሕባሩ እያ ሩስያ እዚ መጠንቀቕታ ኣመሓላሊፋ።

ኣብ መወዳእታ ናይ ዝሓለፈ ወርሒ፡ ምክትል ፕረዚደንት ጄ.ዲ.ቫንስ፡ ምምሕዳር ትራምፕ ነቲ 'ቶማሃውክ' ዝተሰምየ ዝተራቐቐ ሚሳይል ናብ ዩክሬን ክልእኽ ሓሳብ ከም ዘለዎ ምግላጹ ዝዘከር እዩ። 'ቶማሃውክ' ሚሳይል፡ ካብ 1,250 ኪ.ሜ ክሳብ 2,500 ኪ.ሜ ክጕዓዝ ዝኽእልን፡ ካብ ራዳር ተሰዊሩ'ውን ንነዊሕ ርሕቀት ዝሕምባብ ኣዝዩ ምዕቡል ሚሳይል እዩ። ኣመሪካ እዚ ዝገለጸ ዘሎ ሓደሽቲ ሚሳይል ናብ ዩክሬን ናይ ምልኣኽ መደባ ተግባራዊ እንተ ጌይራቶ፡ ሩስያን ኣመሪካን ናብ ወተሃደራዊ ጎንጺ ክኣትዋ ከም ዝኽእላ እዮም ብዙሓት ክኢላታት ናይቲ ዓውዲ ዘመልክቱ።

'ቶማሃውክ' ሚሳይል፡ ካብ 1980ታት ኣትሒዙ ኣብ ኣገልግሎት ዝርከብ ኮይኑ፡ ኣብ እዋን ኲናት ወሽመጥ ዓረብ (1990ታት)፡ ኣመሪካ ኣስታት 280 ከምዚ ዓይነት ሚሳይል ኣብ ጥቕሚ ከም ዘውዓለት ናይ ሽዑ ጸብጻባት ይጠቕሱ። እዚ ክሳብ 1,600 ኪ.ግራም ክብደት ዘለዎ ናይ ነዊሕ ርሕቀት ሚሳይል፡ ዋጋኡ ነፍሲ ወከፉ ኣስታት 1.3 ሚልዮን ዶላር እዩ ዝኸውን። ብኣመሪካውያን ክኢላታት ጥራሕ ክትኩስ ከም ዝኽእል ድማ ይንገረሉ። ብመሰረት ጸብጻባት ቤት ጽሕፈት ፔንታጎን፡ ኣመሪካ ኣብዚ እዋን'ዚ ኣስታት 8,959 ቶማሃውክ ሚሳይላት ኣለዋ።

ኣመሪካ እዚ ሚሳይል'ዚ ናብ ዩክሬን ክትልእኮ ምስ እትውስን፡ ንሱ ዝትኩሱ ክኢላታት'ውን ክትልእኽ ክትግደድ ምዃና እዮም ብዙሓት ክኢላታት ናይቲ ዓውዲ ዝሕብሩ። እዚ ማለት ድማ፡ ኣመሪካን ሩስያን ኣብ ቀጥታዊ ረጽሚ ክኣትዋ ከም ዝኽእላ፡ ዝምድና ክልቲአን ሃገራት ናብ ዝተሓተ ደረጃኡ ከንቆልቍል ከም ዝኽእልን እዩ ዝገልጽ ዘሎ።

ፕረዚደንት ፑቲን ኣብ ዝሓለፈ ሳልስቲ ኣብ ዝሃቦ ሓበሬታ፡ ሓይልታት ዩክሬን ነቲ ዝተራቐቐ ሚሳይል ባዕሎም ክጥቀምሉ ከም ዘይክእሉ ምግላጹ ኣይርሰዕን። ንሱ ወሲኹ፡ 'ቶማሃውክ' ሚሳይል ናብ ዩክሬን እንተ ተላኢኹ፡ ሩስያ ናብቲ ዝትኩሰሉ ቦታ ከይዳ ከተዕንዎ ምዃና'ውን ኣጠንቂቑ።

ቶማሃውክ ሚሳይል ዋላ'ኳ ንሚዛን ናይቲ ዝቕጽል ዘሎ ውግእ ዝቕይር ኣይኮኑን ኣብ ልዕሊ ሩስያ ግን ገለ ጸቕጥታት ክፈጥር ከም ዝኽእል እዮም ዝተፈላለዩ ወገናት ዝረድኡ። ምኽንያቱ፡ ዩክሬን እዚ ዝተራቐቐ ሚሳይል ተጠቒማ ክሳብ ከተማ ሞስኮን ከጽዑን ንዝርከቡ ወተሃደራውያን ዒላማታት፡ ሎጀስቲክ፡ ሓይሊ ኣየርን ትካላት ጸዓትን ብምጥቃዕ ከቢድ ዕንወት ከተውርድ ስለ ትኽእል።

እንተኾነ ሩስያ፡ ንኹሉ ክመጽእ ዝኽእል ወተሃደራዊ ተጻብኦታት ዓጸፋታዊ ግብረ መልሲ ናይ ምሃብ ዓቕሚ ከም ዘለዋ እዩ ፕረዚደንት ቪላድሚር ፑቲን ዝገልጽ ዘሎ። በዚ ከኣ፡ ምልኣኽ ናይቲ ሚሳይል ነቲ ዝቕጽል ዘሎ ኲናት ዩክሬን መሊሱ ከጕሃሀሮ ከም ዝኽእል ግምታት ኣሎ።

ሃገራት ኤውሮጳ ብመንገዲ ኪዳን ሰሜን ኣትላንቲክ (ኔቶ) ኣቢለን ንዩክሬን እናዕጠቓ ንሩስያ ንምድኻም ዝጺፍ ወፍሪ ይገብራ ከም ዘለዋ እዩ ፕረዚደንት ፑቲን ዝወቐሰ። ፕረዚደንት ፑቲን፡ ጣልቃ ሃገራት ኤውሮጳ ኣብ ዩክሬን፡ ምስ ሩስያ ናብ ቀጥታዊ ረጽሚ ዘእቱ ምዃኑ'ውን ወሲኹ የጠንቅቕ ኣሎ።

ኪዳን ሰሜን ኣትላንቲክ፡ ኣብ 1949 ብ12 ሃገራት ክምስረት እንከሎ፡ ሓደ ካብ ቀንዲ ዕላማታቱ - ኩሉ ናይ ሞስኮ ምንቅስቓሳት ደው ንምባል ምንባሩ እዮም ሩስያውያን ክኢላታት ዓውዲ ፖለቲካ ዝሕብሩ። ሕጂ'ውን እንተኾነ፡ ድሕሪ ክንደይ ዓመታት ኔቶ ዕላምኡ ከም ዘይቀየረን ንሩስያ ንምውራር ባይታ ኣብ ምጥጣሕ ከም ዝርከብን እዮም ኢየም ክኢላታት ዝረድኡ። ሩስያውያን ክኢላታት እውን፡ ኣባል ኪዳን ሰሜን ኣትላንቲክ ዝኾና 32 ሃገራት፡ ንሩስያ ከቢብካ ናይ ምውራር ዕላማ ከም ዘለወን እዮም ብተደጋጋሚ ክሕብሩ ጸኒሖም። ብዘይካ'ዚ፡ "ሩስያ ንኔቶ ክትሳርም ትዓሎ ኣላ" ዝብል ክሲ ካብ ሓቂ ዝረሓቐ ምዃኑ እዩ ፕረዚደንት ፑቲን ዝገለጸ። ንሱ ወሲኹ፡ ኔቶ ሰራዊቱ ይምልምል ምህላዉ ሩስያ ኣፍልጦ ከም ዘለዋ ብምሕባር፡ እቲ ኪዳን ኣብ ልዕሊ ሩስያ ዝኾነ መጥቃዕቲ ምስ ዝፍኑ፡ ግብረ መልሲ ሃገሩ ቅጽበታውን ዝሓፍኣን ከም ዝኸውን ኣጠንቂቑ።

ኣብ ዝሓለፈ እዋናት፡ ፕረዚደንት ዩክሬን ቮሎዲሚር ዘለንስኪ፡ ምስ ኣመሪካዊ መዘናኡ ዶናልድ ትራምፕ ኣብ ዘካየዶ ርክብ፡ ኣመሪካ ነቲ 'ቶማሃውክ' ዝተሰምየ ሚሳይል ንዩክሬን ክትልእኸላ ሓቲቱ ምንባሩ እዮም ጸብጻባት ዝጠቕሱ። ይኹን'ምበር፡ ትራምፕ ነቲ ሚሳይል ናብ ዩክሬን ቅድሚ ምልኣኹ፡ ዩክሬን ኣብ ምንታይ መዓላ ከተውዕሎ ምዃና ኣቐዲሞ ክፈልጥ ድሌት ከም ዘለዎ ምግላጹ እውን ይሕበር ኣሎ።

ኣብ ዝሓለፈ ዓመት፡ ዩክሬን 'ኣታክምስ' ዝተሰምየ ነዊሕ ርሕቀት ዝውንጨፍ ባለስቲካዊ ሚሳይል ኣመሪካ ተጠቒማ ኣብ ውሽጢ ልኡላዊ ግዝኣት ሩስያ መጥቃዕቲ ድሕሪ ምፍጻማ፡ ፕረዚደንት ቪላድሚር ፑቲን፡ ኒኩልሳዊ ፖሊሲ ሃገሩ ክቕይር ብወግዒ ምውሳኑ ዝዝከር እዩ። ብመሰረት እቲ ሽዑ ዝወጸ ሰረተ እምነት (ዶክትሪን) ሩስያ፡ ዘይኮነት ኒኩልሳዊ ኣጽዋር ዘይዓጠቐት ሃገር፡ ብሓገዝ ኒኩሌር ዝዓጠቐት ሃገር ተደጊፉ ኣብ ልዕሊ ሩስያ መጥቃዕቲ ምስ እትፍጽም፡ ሞስኮ ኣብ ልዕሊአ ሓባራዊ መጥቃዕቲ ከም እተኻየደ ቈጺራ ኣንጻር ክልተአን ሃገራት ተመሳሳሊ ግብረ መልሲ ከም እትህብ እዩ ዝሕብር ነይሩ። እቲ ኣብቲ እዋን ናብ ዩክሬን ዝተላእከ ሚሳይል፡ ክሳብ 300 ኪ.ሜ ርሒቑ ንዝርከብ ዒላማታት ጥራሕ እዩ ክወቅዕ ዝኽእል ነይሩ። በዚ ከኣ፡ እዚ ናይ ሕጂ ናብ ዩክሬን ክለኣኽ ዝሕሰብ ዘሎ ቶማሃውክ ሚሳይል፡ ብልዕሊ 5 ዕጽፊ ናይቲ ዓሚ ዝተላእከ ሚሳይል ተጓዒዙ ዒላማታቱ ክወቅዕ ይኽእል ማለት እዩ።


ሩስያ ንስጕምቲ ዩክሬን ተመጣጣኒ ግብረ መልሲ ክትህበሉ ምዃና ከተጠንቅቕ ምጽናሓ ዝፍለጥ ኮይኑ፡ ምትእትታው ሃገራት ምዕራብ ኣብቲ ኲናት፡ ነቲ ግጭት ናብ ሳልሳይ ኲናት ዓለም ከየምርሖ ኣብ ብዙሓት ወገናት ሻቕሎት ፈጢሩ ከም ዘሎ እዩ ዝግለጽ። ኲናት ዩክሬን ኣብ 2022 ካብ ዝጀመር ንደሓር፡ ሩስያ ምስ ሕብረት ኤውሮጳ ዘጸንሓ ዝምድና ምልእ ብምልእ ከም እተበትከ እዮም ጸብጻባት ዘጽንሑ። ሃገራት ምዕራብ፡ "ሩስያ ጸጥታዊ ስግኣት ኮይናትና ኣላ" ብምባል፡ ወተሃደራዊ ዓቕመን ኣብ ምድልዳል ተጸሚደን ከም ዝርከባ እዮም ዝተፈላለዩ ጸብጻባት ዘመልክቱ። ሩስያ ብወገና፡ ሃገራት ምዕራብ ናብ ዩክሬን ኣጽዋር ብምልኣኽን ኣብ ዕድጊ ኣጽዋር ዘውዕል ፊናንሲያዊ ሓገዛት ብምሃብን፡ እታ ሃገር ኣብ ልዕሊኣ መጥቃዕትታት ከተካይድ የተባብዓ ከም ዘለዋ እያ ትኸስስ።

ካብ 2022 ኣትሒዘን፡ ሃገራት ምዕራብ ልዕሊ 380 ቢልዮን ዶላር ዝዋጋኡ ወተሃደራዊ ኣጽዋር ናብ ዩክሬን ልኢኸን ከም ዘለዋ፡ ጸብጻባት የጽንሑ። ብመሰረት እቶም ጸብጻባት፡ ኣመሪካ ጥራሕ ኣስታት 183 ቢልዮን ዶላር ዝኸውን ወተሃደራዊ ሓገዝ ናብ ዩክሬን ልኢኻ ኣላ።

ሩስያ፡ እቲ ካብ ኣመሪካን ካልኦት ሃገራት ምዕራብን ናብ ዩክሬን ክለኣኽ ዝጸንሐ ወተሃደራዊ ሓገዝ፡ ነቲ ግጭት ካልእ ኣንፈት ከትሕዞ ከም ዝኽእል እያ ከተጠንቅቕ ጸኒሓ።







# ኣብ ሕሳብ ምትሕስሳብ

ምሉእብርሃን ሃብተገብሪኤል

"ስቡት ሕሳብ ቀሊል ከም ዘኾነ ዘይሓምኑ እንተ ደኣ ኾይኖም፡ ህይወት ክሳብ ክንደይ እተሓላለኸት ምዃና ስለ ዘይግዝቡ ጥራይ እዮም።" - ጆን ቮን ኑዩማን

"ደቅና ኣብ ትምህርቲ ሕሳብ (mathematics) ከመይ ኣለዉ?" እትብል ሕቶ ንፍሲ ወከፍ ወለዲ እንተ ትቐርበልና እንታይ መልሲ ምሃብና? ብመንጽር ዓቕሚ ደቅና ኣብ ሕሳብ ርኢና፡ ዝተፈላለየ መልሲ ከም እንህብ ርዱእ እዩ። ናይ ሙብዛሕትኡ ወላዲ መልሲ እንታይ ክኸውን ከም ዝኽእል ግዱ ሃናትና ግምት ኣለና።

እቲ ሓፈሻዊ ዘሎ ገምጋም፡ ተማሃሮና ኣብ ዓይነት ትምህርቲ ሕሳብ ይደኽሙ ምህላዎም እዩ። ገለ ተማሃሮ፡ "ኣነስ ኣብ ዓይነት ትምህርቲ ሕሳብ ካብ ቀዳማይ ክፍሊ ኣትሒዘ ፈጺማ ኣይተኸኣለይን ኢየ። ካብ ኩለን ዓይነት ትምህርቲ ዝተሓተ ነጥበይ ሕሳብ እዩ። ብዓል እገለ እዮም ኣብ ሕሳብ ንፉዓት።" ክብሉ ትሰምዖም ኢኻ። ከም እዚ ገይሮም ሓንሳእ ንኣእምሮኦም ብኣሉታ ስለ ዘእመንዎ፡ ነቲ ኣብ ሕሳብ ዝጸንሖም ድኽመት ክፈትሑ ኣቦርቲዖም ክጽንዑ ኣይረኣዩን እዮም።



መም/ ብእምነት ተኽለዝጊ

ነዚ ኣቓዲሞም ዝተገዝበ ኣብ ሕቡራት መንግስታት ኣመሪካ ንዌሕ ዓመታት ሕሳብ ዝምሃሩ መምህር ጊደዎን ኣባይን መምህር ብእምነት ተኽለዝጊን ዚ ጸገም ኣብ ምፍታሕ ናተዮም እጃም ከበርክቱ ካብ ዝሓሰቡ ነዊሕ ዓመታት ኣቑጺሮም እዮም።

ብሕልፊ ካብ ዝሓለፉ ክልተ ዓመታት ኣብ እዋን ክረምቲ ናብ ሃገሮም እናተመላለሱ፡ ንመምህራን ሕሳብ ስልጠና ክህቡ ጸኒሖም እዮም። ካብ እዚ ተበጊስና ምስ እቶም ምሁራን ሰፊሕ ዕላል ኣካይድና ኣለና።

ፈለማ ዘቕረብናሎም ሕቶ፡ "ስለምንታይ ኢኹም ነታ 'ቁጽሪ' ክንብላ ዝጸናሕና ዓይነት ትምህርቲ፡ 'ሕሳብ' ትብልዋ ዘለኹም?" እትብል እያ ነይራ።

መምህር ጊደዎን ኣባይ፡ "ሕሳብ (mathematics) ዝበሃል ዓይነት ትምህርቲ፡ ቁጽሪ ጥራይ ኣይኮነን ዝሓቁፍ። ቁጽሪ ማለት ምቑጻር እዩ። ኣብ ኣርባዓታት እተጻሕፈ 'መባእታ ቁጽሪ' ዘርእስቱ መጽሓፍ ነይሩ። ካብኡ እተበገሰ እቲ ዓይነት ትምህርቲ ክሳብ ሕጂ ቁጽሪ እናተባህለ ይቐጽል ኣሎ። የግዳስ እዚ ዓይነት ትምህርቲ ንኻልእ እውን የጠቓልል እዩ። ንኣብነት፡ ንስነ መጉትን ግድላት ምፍታሕን የጠቓልል እዩ። ስነ ቑጽሪ እንተ ደኣ ኢልናዮ ድማ ነቲ ብእንግሊዝኛ 'ኑሞሮሎጂ' (numerology) ዝበሃል ናብ ጥንቆላ ዓይነት ዝኸይድ ከስምዕ እዩ።

"እቲ ኻልኣይ ምኽንያት፡ ትግርኛ ሴማዊ ቋንቋ እዩ። ሴማውያን ቋንቋታት ኣብ እዚ መዳይ እንድሕር ርኢናዮም፡ ርሑቕ ከይከድና ብዓል ኣምሓርኛ፡ ስዋህሊ፡ ... ሂሳብ፡ ሂሳብ፡ ... እዮም ዝብልዎ። ኣብ ቋንቋ ዓረብ እውን - ኣልጀብራ፡ ኣልጎሪዝም፡ ... ቃላት ዝዛበና ፍሉጥ መጽሓፍ፡ ካብ እቲ ሓደ ስም ኣርእስቱ ሕሳብ እዩ ዝብል። ምእንቲ'ዚ ናብ መበቈል ንምምላሱ ኒቲ ዓይነት ትምህርቲ ኸኣ - ልዕሊ ምቑጻር፡ ምድማር፡ ምጉዳል፡ ምርባሕ፡ ምክፋልን ምቕማርን ምዃኑ ተማሃሮ ሓንጎሎም ከስርሕዎ ክሓስቡ ስለ ዝደለና ኢና፡ 'ሕሳብ' ሰሚና ናብ መበቈል ንመለስ ንብል ዘለና።" ብምባል መብርሂ ሂቦና።

ዕላማ ናይ እዚ ብተኸታታሊ ኣብ እዋን ክረምቲ ዝቐርብ ዘሎ ስልጠና ንመምህራን ሕሳብ ካልኣይ ደረጃ እንታይ እዩ? መዓስከ ጀሚሩ?

መምህር ብእምነት ተኽለዝጊ፡ "ስልጠና ካብ እንሓስቦ ካብ 2001 ኣትሒዝና ኢና፡ ምስ መምህር ጊደዎን ኣባይን ካልእ ሳልሳይና ኣብ ሕቡራት መንግስታት ኣመሪካ ሕሳብ ዝምህርን ክንዘራረብ ጀሚርና ነይርና። ብዛዕባ እዚ ክንዘራረብ ዘገደደና ኸኣ፡ ኣብ ዓለምና ናይ ተማሃሮ ሽውሃትን ምውላእን ኣብ ሕሳብ ጥራይ ዘይኮነ - ኣብ ስነ ፍልጠት፡ ምህንድስና፡ ቴክኖሎጂ ሕሳብ እናንቈልቈለ ክመጽእ ምስ ኣቕለብናሉ፡ ኣብ ዓድና'ኸ ከመይ ይኸውን ኣሎ ኢልና እሂን ምሂን ክንብዝሓሉ ጀሚርና።

"ብድሕሪኡ፡ 'ናብ ሃገርና መጺእና ሓደ ነገር እንተ ገበርና'ኸ?' ብምባል ንሓድሕድና ተመያየጥና። ቀንዲ ዕላማና እንታይ እዩ ክኸውን ዘለዎ? ናይ ተማሃሮና ወይ ደቅና ኣብ ሕሳብ ዘለዎም ሽውሃት ምስኡ እውን ኒቲ ምውላእ ከመይ ገይርና ክዕበዩ ንኽእል? ብዙሓል ኢና ዓጢቕና ተላዒልና። እዚ እዩ እቲ ቀንዲ ዕላማና። ንተማሃሮና ከመይ ገይርና ነዋስኦም? እዚ 'ሕሳብ' ዝበሃል ዓይነት ትምህርቲ፡ ተማሃሮና ምሕር ይፈርሕዎ ስለ ዘለዉ፡ ዘይፍራሕ ዓይነት ትምህርቲ ከም ዘኾነ ብኸመይ ክረድኡዎ ንኽእል? ብሓፈሻ ሕሳብ ቀሊል ዓይነት ትምህርቲ ምዃኑ ክረድኡዎ ኢና ተላዒልና።" ብምባል ይገልጽ።

ኣብቲ ንመምህራን ሕሳብ ዝተዋህበ ስልጠና፡ ብዙሓት ዛዕባታት እዮም ተላዒሎም። "መጀመርያ ንተማሃሮና ከመይ ገይርና ኣብ ሕሳብ ዝያዳ እንዋስኦም ወይ እንሳትፎም?" ዝብል ሕቶ ኣልዒሎም፡ ብዕምቈት ተመያይጦምሉ።

መምህራን ንድሌት ተማሃሮኦም ከመይ ገይሮም ክምልስዎ ይኽእሉ? እዚ ብዙሕ ብዕምቈት ክትብዝሓሉ ዝዕድም ኣርእስቲ እዩ። እቶም ንመምህራን ሕሳብ ስልጠና ዝሃቡ ጉዳይም ምሁራት፡ "ተማሃሮና ድሌት ኣለዎምዶ? እቲ ድሌታቶምከ ኣብይ እዩ ዘሎ? ኢልና ከለሊ ክንክእል ኣለና ኢልና ኢና ጀሚርና። ኣብ እዚ ዘለናዮ እዋን፡ ተማሃሮና እቲ ናታቶም ድሌትን ምውላእን ኣብ ክንዲ ኣብ ትምህርቲ፡ ናብ ካልእ ከም ብዓል ቴክኖሎጂ፡ ቪድዮ፡ ቴለቪዥን፡ ሞባይል፡ ... እዩ ዛዚዩ ዘሎ። ንሕና'ኸ ነዚ ትምህርቲ ሕሳብ ከመይ ገይርና ኢና ብመሳጥን ቀሊልን ክነቕርቦ? ዝብሉ ነጥብታት ኣልዒልና ኢና ተበጊስና።

"እታ ኻልኣይቲ እተዘራረብናላ ዓብይ ነጥቢ፡ ብዛዕባ ኣገዳስነት ምምስራት 'ማትስ ክለብ' ኢያ። ወለድና ማሕበር ኣብ ምምስራትን ምምራሕን ንጡፋት እዮም። ወለድና ማሕበር ክንብሩ እንከለዉ - ብዘይምኖት፡ ብምዝዋሪ፡ ብዮዲ፡ ብስራሕ፡ ... እዮም ዘቖሞዎ። ቀንዲ ዕላማኦምከ እንታይ እዩ? ኣልና ክንሓትት እንከለና - ንዘደኸመ ክሕግዝ፡ ንዝሓመመ ክበጽሑ፡ ንሓዘንተኛታት ክጸናንዑ፡ ... ኣሎም እዮም ዝንብርዎ። ንሕና ኸኣ፡ ብኸምኡ ኣተና ተበጊስና፡ 'ማትስ ክለብ' እትብሃል፡ ሓንቲ ባይታ ክንፈጥር ኣለና ኢልና ኢና ተዘራሪብና።" ዝብል መብርሂ ይህቡ።

ኣብ እታ 'ማትስ ክለብ' ዝጥርነፉ ተማሃሮ፡ እቶም ንፉዕ ዝበሉ ተማሃሮ ነቶም ብተዛማዲ ድኹም ዝበሉ ተማሃሮ ክሕግዙ ይኽእሉ። ንሱ ጥራይ ዘይኮነ፡ ወዮም ተማሃሮ ንሓድሕዶም ዘውዳድሩሉን ዝመላልኡሉን ባይታ ክፈጥሩ ዕድል ይረኽቡ።

ኣባላት 'ክለብ ማትስ' ኣብ እዚ ከይተሓጽሩ፡ ኣብ ካልእ ዓይነት ትምህርቲ ዓሚቝ ኣፍልጦ ዝለዎም ምሁራት ብምዕዳም፡ ናይ ሕሳብ መዓላ (application) ኣብ እቲ ንሶም ዝተማህሩሉ ዓይነት ትምህርቲ ከመይ ከም ዝኾነ ኣስተምህሮ ከም ዘቕርቡ ክገብሩ ይኽእሉ። እቶም ዝዕደሙ ምሁራት ክኢላታት መሃንድሳት፡ ኮምፒዩተር፡ ስታቲስቲክስ፡ ጥዕና፡ ኣታዊ ወሽጢ ሃገር፡ ... ክኾኑ ይኽእሉ እዮም። እቶም ምሁራት ምስ ሰራሖም ኣተኣሳሲሮም፡ ንመዓላ ሕሳብ ክብርህሉ እንከለዉ፡ እቶም ተማሃሮ ኣብ ሕሳብ ዘጸንሖም ፍቕሪ ዝያዳ ክብ ክብል ይኽእል እዩ።

ተማሃሮና ከመይ ገይሮም ክጸንዑ ከም ዘለዎም፡ ግዜኦም ከመይ ገይሮም ከመቓርሕዎ (time management) ከም ዘለዎም፡ ... ምኩራት ክኢላታት እናምጻእካ ከም ዝዘራረቡሉ ምግባር ጸቡቕ እዩ። ንፉዓት ተማሃሮ ተመኩሮ ኣጸናንዖም እንተ ኣካፈሎሞም እውን፡ ዝያዳ ተመሳጦም ክሰምዕዎም ይኽእሉ እዮም።


ንሱ ጥራይ ዘይኮኑ፡ ዝተፈላለዩ ተኣባዕቲ ሕማማት ከም ብዓል ኮቪድ ክመጽኡ እንከለዉ፡ ንሓደ ሓኪም ኣምጺእካ ኣብ እታ ክለብ ኣስተምህሮ ከም ዘቕርብ ክትገብሮ ትኽእል ኢኻ። ናይ ሕሳብ መዓላ ኣብ ኮቪድ እንታይ እዩ? ኣብ ዜና ክንሰምዖ እንከለና፡ "ግዳያት ሕማም ኮቪድ ይወስኹ ኣለዉ። ንዝመጽእ ዘሎ ክልተ ሰሙን እውን እቲ ቑጽሪ ግዳያት ክወሰኽ ትጽቢት ይግበር። ድሕሪኡ ኣብ ዘለዎ እቲ ቑጽሪ ደው ክብል እዩ። ጸኒሑ ክንክኢ እዩ። ...።" ክብሉ እንከለዉ፡ ብምንታይ ተጠቒሞም እዮም ሰሪሖምዎ? ብርግጽ ቀመራት ሕሳብ ተጠቒሞም እዮም ሰሪሖምዎ።

ኣብ ሕማም ጥራይ ዘይኮኑ ኣብ ጸብጸብ ሓደጋታት ትራፊክ ናይ ሕሳብ መዓላ ኣቃልልካ ዝርአ ኣይኮነን። ኣብ ሃገርና ኣብ ሓደ ሰሙን ክንደይ ሓደጋታት ትራፊክ ከም ዘጋጠሙ፡ በብእብጊታት ተፈላልዩ ክግለጽ ኣብ ቴለቪዥን ንከታተሎ ኢና። ካብ እቲ ዘጋጠመ ሓደጋ ትራፊክ፡ ኣብ ንብረትን ኣብ ሰብን ክንደይ ጉድኣት ከም ዘውረደ ብሚእታዊት ክትገልጾ እንተ ኾንካ፡ ክእለት ናይ ሕሳብ የድልየካ።

ኣብ ሃገርና 'ክለብ ኣንበብቲ' ከም ዘለዋ ብበዝሒ ንሰምዕ ኢና። እዘን ክለባት ግዱ ሙብዛሕትአን ምስ ዕዮ ስነ ጽሑፍ ዝተሓሓዘ እምበር፡ ንዓይነት ትምህርቲ ሕሳብ ኣብ ግምት ዘእትዋ ኣይኮናን። 'ማትስ ክለብ' እምበኣር፡ እዚ ሃጓፍ ኣብ ምምላእ ልዑል እጃም ክህልዎ ይኽእል እዩ።

መምህር ጊደዎን ኣባይን መምህር ብእምነት ተኽለዝጊን፡ ሳልሳይቲ ነጥቢ እውን የልዕሉ እዮም። ንሳ ኸኣ ብዛዕባ ጸቕጢ ዓርኩማዥ ኢያ። "ጸቕጢ ዓርኩማዥ ክንብል እንከለና፡ ኣብ ሕሳብ ተማሃሮ እንታይ ዓይነት ጸቕጢ የምጽኡ? ተማሃሮ ንሓድሕዶም ዝተሓጋገዙሉ ባይታ ክንፈጥር ክንክእል ኣለና። ደገፋዊ ትምህርቲ (supplemental instruction) እምብዛ ኣድላዪ እዩ። እቶም ተማሃሮ ኣብ እቲ ቤት ትምህርቲ ዝተማሃርዎ፡ ኣብ ደገ ምስ ወጹ ንሓድሕዶም ተሓጊዞም ከመይ ገይሮም ይሰርሑ?

"ንሱ ጥራይ ዘይኮኑ ካብ እቲ ኣብ ክፍሊ ዝተማሃርዎ ተበጊሶም፡ ከመይ ገይሮም ብሓባር ብዛዕባ እቲ ዝተማሃርዎ ሕሳብ ክመራመሩ ይኽእሉ? ሓደ ተማዛራይ ኣብ ክንዲ ንመምህሩ ጸገሙ ዝዘርብ፡ ንዓርኩ መዘንኡ ክዘረብ እዩ ዝቕልሎ። እዚ እቶም ተማሃሮ ንሓድሕዶም ተሓጊዞም ኑቲ ሽውሃቶም ከመይ ገይሮም ይድርኹ? ዝለዎም ፍልጠቶም ከመይ ገይሮም የማዕብሉ?



መም/ ጊደዎን ኣባይ/


እናበልና ምስ እቶም ስልጠና ዝሃብናዮም መምህራን፡ ብኸመይ ዝኣ ባይታ ንፈጥራ? ኢልና ጸቒጥና እተዘራረብናላ ኢና። ከም ዕዮ ገዛ ኢልና ኑቶም ሰልጠንቲ መምህራን ካብ ዝሃብናዮም ሓንቲ እውን ኢያ።

"ተማሃሮ ንሓድሕዶም ዝተሓጋገዙሉ መንገዲ ንፍጠር ኢና ተባሂልና። መምህር ኣብ እታ ቤት ትምህርቲ እዩ ዝረኽቦም። ኣብ እታ ክፍሊ ንዝተወሰነ ሰዓታት ጥራይ እዩ ንተማሃሮኡ ዝረኽቦም። ኣብ መዓልቲ ኣርብዓ ደቒቕ እንተ ረኺብዎም፡ ኣብ ሰሙን ኣስታት ክልተ ሚእቲ ሰዓታት ጥራይ እዩ ክረኽቦም ዝኽእል። ተማሃሮ ኣብ ደገ ምስ ወጹ ዝተሓጋገዙሉ ባይታ እንተ ተፈጢሩ ግዱ ዝያዳ ሰዓታት ክራኸቡ ዕድል ኣለዎም።"

ይቕጽል

## ሎሚ ኣብ ERI-TV

| ሰዓት | መደብ |
|---|---|
| 12:00 | ሃገራዊ መዝሙር |
| 12:05 | ናይ መድረኽ ድራማ |
| 12:30 | ዜና (ትግርኛ) |
| 12:50 | ዜና ስፖርት |
| 12:55 | መደብ ማህደር |
| 13:30 | ዜና (ዓረብ) |
| 13:45 | ሄሎ ደባይዋ ቀጥታ |
| 15:30 | ድራማ |
| 16:15 | ሞዛይክ 1ይ ክፋል |
| 17:00 | ዜና (ትግርኛ) |
| 17:18 | ደርፍታት |
| 17:30 | ዜና (ዓረብ) |
| 17:40 | ሞዛይክ 2ይ ክፋል |
| 19:25 | እትመት |
| 20:00 | ዜና (ትግረ) |
| 20:15 | ገለብ ደሓን |
| 21:00 | ዜና (ትግርኛ) |
| 21:25 | ፊልም ጾር'ታ ዓዲ |
| 22:00 | ዜና (ዓረብ) |
| 22:10 | ደርፊታት |
| 22:30 | ዜና (እንግሊዝ) |
| 22:40 | እንዳ ዝማም |



# ጥዕና

ሱሌማን ኣሕመድ

## ነድሪ ከረጺት ሓሞት


ከረጺት ሓሞት (gallbladder)፡ ኣብ ታሕታይ ብዮማናይ ወገን ምስ ጸላም ኩቡዲ ለጊባ እትርከብ ሓንቲ ካብ ኣካላት ሰብነት እያ። ብገምጋም 10 ሰንቲ ሜተር ቁመት ክህልዋ እንከሎ፡ ካብ 50 ክሳብ 100 ሚሊ. ሜተር ፈሳሲ ሓሞት ትዓቑር። እቲ ፈሳሲ ኣብ ጸላም ኩቡዲ እዩ ዝምስራሕ፡ ውህደት ዝተፈላለዩ ፈሰስቲ፡ ስብሒ፡ ኮለስትሮልን ጨውን እዩ።

ዕማም ከረጺት ሓሞት

እቲ ጨዋም ክፋል ናይ ሓሞት፡ ንምግዛም ስብሒታት ንምሕቃቕ ይጠቅም። ብኣፍና ንወስዶ ስብሒ ተዃቒቑም ናብ ዝቕጽል መስርሕ ምሕቃቕ መግቢ ተፋኺሶም ክቐርቡ፡ ፈሳሲ ሓሞት ልዑል ተራ እዩ ዘለዎ። እቲ ካልእ ዕማም ናይ ሓሞት፡ ስብሕን ኮሌስትሮልን መስርሖም ሓልዮም ምስ ተዃቐቑ ብዝኣሸቶ መዓንጣ ብቐሊሉ ተመጺዮም ናብ ዑደት ደም ተጸንቢሮም ኣብ ጥቕሚ ከም ዝውዕሉ ይገብር። ሓሞት ኣብ ኣካላትና ዝርከብ ኮሌስትሮል ብቐሊሉ ብዓይ ኩሓቅቕ የቀላጥፍ።

**ነድሪ ከረጺት ሓሞት እንታይ እዩ?**

ነድሪ ከረጺት ሓሞት ብርቱዕ ቃንዛን ስቓይን ዘለዎ ዓይነት ሕማም እዩ።



ዝኾነ ሕማም ንኸረጺት ሓሞት ምስ ዝትንክፍ ነድሪ ከረጺት ሓሞት ክስዕብ ይኽእል። እዞም ዝስዕቡ ገለ ካብቶም ኣብ ከረጺት ሓሞት ዝረኣዩ ሕማማት እዮም፦

- **ምቅጻል ከረጺት ሓሞት** (Inflammation of the gallbladder)፦ እዚ ኮሌሳይስቲቲስ (cholecystitis) ተባሂሉ እዩ ዝጽዋዕ። እቲ ሕማም ንሓጺር እዋን ጸኒሑ ዝሓዊ ወይ ነባሪ ሕማም ክኸውን ይኽእል እዩ።

- **ልሙድ ረኽሲ ኣብ ሻምብቆ ከረጺት ሓሞት** (Common bile duct infection)፦ እዚ ንደገ ዝወጽእ ሻምብቆ ሓሞት ምስ ዝዕጾ ዝስዕብ ሕማም ከረጺት ሓሞት እዩ።

- **'ፖርስሌን'** (Porcelain gallbladder)፦ መናድቕ ከረጺት ሓሞት ብዙተኸዘ ካልሽዩም ክመልእ እንከሎ ዝርኣ ሕማም እዩ።

- **መንሽሮ ከረጺት ሓሞት** (Gallbladder cancer)፦ ብዙሕ ግዜ ዝርኣ ዓይነት ሕማም'ኳ እንተዘይኮነ፡ ብቕልጡፍ ናይ ምልባዕ ባህሪ ግና ኣለዎ።

- **ጸጸር ከረጺት ሓሞት** (Gallstones)፦ ካልሽዩም ካልእ ማዕድናትን ተኣኪቦም ነቲ ሻምብቆ ሓሞት ክዮብስዎ እንከለዉ ዝምዕበል ሕማም እዩ።

**ጠንቂ ነድሪ ከረጺት ሓሞት**

ጠንቅታት ነድሪ ከረጺት ሓሞት፡ ኣብ መንገዲ ሻምብቆታት ሓሞት ብዝርኣ ኣሉታዊ ግብረ-መልሲ እዩ ዝግለጽ። ምዕጋት መንገዲ ፈሳሲ ሓሞት ኣብ ከረጺት ሓሞት ብዝፍጠር ዝተኣከበ ጸጸር ዝሰዓበ ክኸውን ይኽእል።

ብደቂ-ኣንስትዮ ዝወሰዱ መከላኸሊ ጥንሲ፡ ጸጸር ከረጺት ሓሞት ክፈጥሩ ይኽእሉ እዮም። እቲ መከላኸሊ ጥንሲ ኦስትሮጅን ዝተባህለ ቀመም ዝጠቓለለ እንተኾይኑ፡ ልዑል ዓቐን ኮሌስትሮል ኣብ ደም ከም ዝህሉ ስለዝገብር፡ ጸጸር ኣብ ከረጺት ሓሞት ክፍጠር ይኽእል።

**ምልክታት ነድሪ ከረጺት ሓሞት**

ብነድሪ ከረጺት ሓሞት ዝተጠቕዑ ግዳያት፡ እቶም 75 ሚእታዊት ተደጋጋሚ ቃንዛ የርእዩ። ቃንዛ ነድሪ ከረጺት ሓሞት ምስ ቃንዛ ጸጸር ከረጺት ሓሞት ይመሳሰል እዩ። እቲ ቃንዛ ካብ የማናይ ላዕለዋይ ክፋል ኩቡዲ (ከባቢ ጸላም ኩቡዲ) ነቒሉ ናብ ድሕሪት ክሳብ ናብ የማናይ ታሕተዋይ ክፋል መሓግሓጎ ይዝርጋሕ።

- ቁሪ ቁሪ ምባል፡
- ዕግርግር፡ ተምላሰን ትሑት ዓቐን ረሰኒ ሰብነትን፡
- ተደጋጋሚ ምጉሳዕ፡ መንፋሕቲ ከስዐን ተደጋጋሚ ረሃጽን፡
- ዘይንቡር ሕብሪ ቀልቀል፡
- ምብጫው ሕብሪ ዓይኒን ሕብሪ ቆርበትን፡
- ስብሕን ቅብኣትን ዘለዎም መግብታት ክትጸወር ዘይምኽኣል ወዘተ ነድሪ ሓሞት ዘለዎም ግዳያት ዘርእይዎም ምልክታት እዮም።

**ምክልኻል**

ካብ መጥቃዕቲ ነድሪ ከረጺት ሓሞት ንምክልኻል ጽሕጊ (fiber) ዘለዎም መግብታት ምዝውታር እዩ። ፍሩታታትን ኣሕምልትን ከምኡ'ውን ኣእካልን ጥረታትን ልዑል ጽሕጊ ዘለዎም መግብታት ምኳናም ኣይትዘንግዑ።

ዕሹግን ኣብ ደገ ዝተመስርሑን መግብታት ትሑት ዓቐን ጽሕጊ ስለ ዘለዎም ክንወስዶም ኣይምረጽን።

ምውስዋስ ኣካላት ምዝውታር ኣብ ኣካላትና ዝህሉ ዝተኸዘነ ስብሒ ንምሕቃቕ ጠቓሚ ብምዃኑ ነድሪ ከረጺት ሓሞት ኣብ ምክልኻል'ውን ልዑል ጥቕሚ እዩ ዘለዎ።

ምንጪ፦ webmd.com

## ሕማም ኣሜባ - Amebiasis

ኣሜባ ብጽግዕተኛ ዝመጽእ ረኽሲ እዩ። እቲ ሕማም 'ኢናታሞባ ሂስቶሊይቲካ' (Entamoeba histolytica) ብዝበሃል ጽግዕተኛ ዝመጽእ ኮይኑ፡ ኣብ ስርዓት ምሕቃቕ መግቢ፡ ብፍሉይ ድማ ኣብ ረጉድ መዓንጣ እዩ ዝዕቆብ።

ቀልቀል ዘይምቁጽጻር፡ ዕግርግር ምባልን ቃንዛ ከስዐን ገለ ካብቶም ምልክታት ናይቲ ሕማም እዮም።

ንኣሜባ ዝተቓልዑ መን እዮም?

ኣሜባ ኣብ ትሮፒካዊ ዞባ ኣብ ዝርከቡ፡ ግቡእ ክንክን ሓለዋ ጽሬትን መጉሓፊ ረሳሕ ማይን ኣብ ዘይብለን ሃገራት ብዝበለሐ ይርአ። እዚ ሕማም'ዚ ኣብ ህንዲ፡ ኣብ ገለ ክፋል ሃገራት ማእከላይን ደቡብን ኣመሪካ፡ ኣብ ሜክሲኮን ኣብ ገለ ሃገራት ኣፍሪቃን ብዝበለሐ ይርአ።

**ኣሜባ ብኸመይ እዩ ዝስዕብ?**

'ኢናታሞባ ሂስቶሊይቲካ' ብሓደ ዋህዮ ዝቖመ ጽግዕተኛ እዩ። እዚ ጽግዕተኛ እዚ ኣብ መግቢ ወይ ኣብ ማይ ተዓቚቡ እዩ ዝጸንሕ። እቲ ግዳይ ነቲ መግቢ ወይ ማይ ምስ ዝወስዶ፡ ናብ ወሽጢ ኣካላቱ ይኣቱ። ቀልቀል ናይ'ቲ ግዳይ ብምትንኻፍ'ውን ብቐጥታ ካብ ሰብ ናብ ሰብ ይመሓላለፍ እዩ።

ዋህዮ 'ኢናታሞባ ሂስቶሊይቲካ' ዘይንጡፍ ኮይኑ ንሓያሎ ኣዋርሕ ኣብ ከባቢ፡ ኣብ ቀልቀል ከምኡ'ውን ኣብ ሓመድ ክጸንሕ ይኽእል እዩ። እቲ ዋህዮ ኣብ ሓመድ፡ ድኹዒ ወይ ኣብ ማይ ኣብ ዝጸንሓሉ እዋን፡ ናይ ምብካል ዓቕሚ ኣለዎ።

መግቢ ዝሸጡ ወይ ዘቀርቡ ሰባት ነቲ ዋህዮ ካብኦም ናብኦም ክመሓላለፍዎ ይኽእሉ እዮም።

እቲ ዋህዮ ሓንሳብ ኣብ ወሽጢ ሰብነትና እንተ ኣትዩ፡ መግቢ ኣብ ዝሕቆቕ ወሽጣዊ ክፍሊ ኣካላትና ክዕቆብ እዩ ዝጅምር። ኣብኡ ብቐሊሉ ዝራብሑን ዝስፋሕፍሑን 'ትሮፎዞይት' (trophozoite) ዝተባህለ ንጡፍ ጽግዕተኛ ከመንጪ ይጅምር። እዚ ጽግዕተኛ'ዚ ብእኹል ቁጽሪ ምስ ተራብሐ፡ ናብ ረጉድ መዓንጣ ይኣቱ። ንቅጽሊታት ናይቲ ረጉድ መዓንጣ እናሉሐጸ ደማ ኣብኡ ክልጠፍ ይጅምር።

**ምልክታት ሕማም ኣሜባ እንታይ እዮም?**


ጸብጻብት ሕክምና ከም ዘመልክትዎ፡ ካብቶም ረኽሲ ኣሜባ ዘለዎም ሰባት፡ እቶም ኣስታት 10 ክሳብ 20 ጥራይ እዮም ክሓሙ ዝረኣዩ። ከሉ ብረኽሲ ባክተርያ 'ትሮፎዛይት' ዝተጠቕዐ ሰብ ምልክት ዘርኢ'ኳ እንተዘይኮነ፡ ደም ዝተሓወሶ ቀልቀል፡ ነድሪ ዳንዱር፡ ከምኡ'ውን መጉዳእቲ ኣብ ቲሹታት ኣካላት ገለ ካብቶም ጎሊሖም ዝረኣዩ ምልክታት ኣብቲ ግዳይ እዮም።

ረኽሲ ኣሜባ ዝጋጠሞ ሰብ እቲ ምልክት ኣብ ወሽጢ ኣርባዕተ ሰሙናት ክዝይድ ይኽእል እዩ። ኣብዚ ግዜ'ዚ እቲ ግዳይ ተደጋጋሚ ከውጽእ ይጅምር። ምጭባጥ ከስዐን ቃንዛን'ውን የርኢ።

ኣብ ውሑዳት ግዳያት፡ ዋህዮ 'ትሮፎዛይት' ንመናድቕ ረጉድ መዓንጣ ፈሪፉ ናብ ሻምብቆታት ደም ብምሕዋሱ ናብ ዝተፈላለዩ ኣካላት ሰብነት ክባጻሕ ይርአ እዩ። እቲ ዋህዮ ኣብ ጸላም ኩቡዲ፡ ልቢ፡ ሳንቡእ፡ ሓንጎልን ካልኦት ኣካላትን ብምብጻሕ ጉድኣት የውርድ እዩ።

ኣብዚ ደረጃ'ዚ ክረኣዩ ዝኽእሉ ምልክታትን ክስዕቡ ዝኽእሉ ጉድኣትን፦

- ምጉሊ ዘለዎ ሕበጥ ኣብ ደጋዊ ክፍሊ ኣካላት፡
- ረኽሲ ወሽጣዊ ኣካላት፡
- ብቐሊሉ ብሕማም ተጠቃዒ ምዃን፡



- ሞት።

ጽግዕተኛ 'ትሮፎዛይት' ንቕጽሊታት ብዝለዓለ ዝርግሐ ምስ ዝፍርፍሮ፡ እቲ ሕማም ናብ 'ኣሜቢክ ዳይሰንተሪ' (amebic dysentery) ይምዕበል። እዚ እቲ ሕማም ዝበኣሰ ኮይኑ ከም ዘሎ ዝርኢ ኮይኑ፡ ተደጋጋሚ ደም ዝተሓወሶ ውጽኣት፡ ከምኡ'ውን ከቢድ ቅርጸትን ቃንዛን ገለ ካብቲ ምልክታቱ እዩ።


**ብኸመይ ንከላኸሎ?**

ረኽሲ ኣሜባ ንምክልኻል ዝሕግዝ እቲ ዝበለጸ ኣገባብ ግቡእ ክንክን ጽሬት ምክትታል እዩ። ዓይኒ ምድሪ ድሕሪ ምጥቃምናን መግቢ ቅድሚ ምምጋብናን ጽሬቱ ብዝተሓለወ ማይን ሳሙናን ኣእዳውና ብእግቡእ ክንሕጽብ ይግባእ። መግቢ ክሳዕ እንክሰናዕ'ውን ጽሬት ናይቲ መግቢ ምክትታል ኣገዳሲ እዩ።

ረኽሲ ኣሜባ ብዝበለሐ ናብ ዘለዎ ከባቢ ትገይሽ እንተለኺ፡ መግቢ ክተዳልውን ክትምግብን እንከለኻ እዞም ዘስዕቡ ምኽርታት ክተስተብህለሎም ይግባእ።

- ኣሕምልትን ፍሩታትን ቅድሚ ምምጋብካ ብግቡእ ምሕጻብ፡
- ባዕልኻ ብግቡእ ሓጺብካዮ ክተብቕዕ ካልእ ሰብ ዝተነከፎ ፍሩታ ምምጋብ ኣወግድ፡
- ኣብ ክንዲ ኣብ ባኮ ዝዕቖረ ማይ፡ ዝተዓሸገ ማይ ክትሰቲ ይግባእ፡
- ናይ ባኮ ወይ ናይ ቡምባ ማይ ክተሰቲ እንተኾንካ ድማ፡ ቅድሚ ምስታይካ ብግቡእ ክተፍልሖ ኣለካ፡
- ዘይመኸነ ወይ ብግቡእ ዘይፈልሐ ጸባን ውጽኢቱን ካብ ምምጋብ ተቖጠብ።

ምንጪ፦ health is wealth



# ምልክታ

ናጽነት ደስበለ -ሓበን ገብረኣምላኽ- ሳምራዊት መለስ

## ቤት-ፍርዲ ሸሪዓ ዞባ ማእከል

ዓፍያ ኣደም ኢብራሂም፡ ብዓል ቤተይ ዓብዱ ማሕሙድ ኣልኣሚን ስለዝተሰውኡ፡ ኣነ ምስ ገድያ ዓብዱ ጓሉ፡ ምስ 4 ኣሕዋቱ፡ ወረስቲ ምዃንና ይረጋገጸልና ስለ ዝበልኩ፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ን30/10/25 ኣብ ቤ/ፍ ይቕረብ።

## 1ይ ደረጃ ቤት-ፍርዲ ዕዳጋ እኽሊ

ከሳሲ ሳሙኤል ኣስፍሃ ጺጋዝኣብ፡ ተኸሳሲ ኣሌክሳንደር ቦሸር፡ ናይ ስም ምትሕልላፍ ክሲ ቀሪቡልካ ስለ ዘሎ፡ ብኣካል ብሕጋዊ ወኪል ን04/11/25 8ይ መጋብኢያ ቅረብ፡ ምስ ዘይትቐርብ፡ ጉዳይ ንሽካ ኣብዘይብሉ ከኣ ምዃኑ ነፍልጥ።

ቅድስቲ ፍስሃየ ጊላዝጊ፡ ብዓል ቤተይ እስቲፋኖስ ክፍለማርያም ማሉ ስለዝዓረፈ፡ ንዓይ ናይ መጻምዲ ማሰለይ ይተሓለወለይ፡ ን7 ደቁና ከኣ ወረስቲ ምዃናም ይረጋገጸሎም ስለ ዝበልኩ፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ን4/11/25 ኣብ ቤ/ፍ 5ይ መጋብኢያ ይቕረብ።

## 1ይ ደረጃ ቤት-ፍርዲ ድባርዋ

ትረዛ ሃይለ ኢሰት፡ ብዓል ቤተይ ያቆብ ሃይለ ገብረሂወት ስለዝዓረፈ፡ ንዓይ ናይ መጻምዲ ማሰለይ ይተሓለወለይ፡ ምስ 7 ደቀይ ከኣ ወረስቲ ምዃናም ይረጋገጸሎም ስለ ዝበልኩ፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ን4/11/25 ኣብ ቤ/ፍ ይቕረብ።

ገብረዝጊኣብሄር ሃብቱ ገብሩ ምግባል ተሪፉ፡ ገብረዝጊኣብሄር ሃብተ ገብሩ ተባሂሉ ይተኣረመለይ ስለ ዝበልኩ፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ን4/11/25 ኣብ ቤ/ፍ ይቕረብ።

ማሰለ ተኽለእንድርያስ፡ ወደይ ተሰፋ ማሰለ ተኽለእንድርያስ ስለ ዝተሰውኡ፡ ኣነ ጥራይ ወራሲ ምዃነይ ይረጋገጸለይ ስለ ዝበልኩ፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ን12/11/25 ኣብ ቤ/ፍ ይቕረብ።

## 1ይ ደረጃ ቤት-ፍርዲ ሞልቂ

ወ/ት ፋኑስ በየነ ኪዳነ ምግባል ተሪፉ፡ ሄለን በየነ ኪዳነ ተባሂሉ ይተኣረመለይ ስለ ዝበልኩ፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ን29/10/25 ኣብ ቤ/ፍ ይቕረብ።

## 1ይ ደረጃ ቤት-ፍርዲ ሃይኮታ

ት/ዕድመ ጓለይ ሰልቫና ኣማኑኤል ደሳሊ ምግባል ተሪፉ፡ ሲሞና ኣማኑኤል ደሴ ተባሂሉ ይተኣረመለይ ስለ ዝበልኩ፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ን27/10/25 ኣብ ቤ/ፍ ይቕረብ።

## 1ይ ደረጃ ቤት-ፍርዲ ጎልጅ

ማሓረት ምስጥና ተከኤ ምግባል ተሪፉ፡ ምሕረት ምስጥና ተከኤ ተባሂሉ ይተኣረመለይ ስለ ዝበልኩ፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ን30/10/25 ኣብ ቤ/ፍ ይቕረብ።

## 1ይ ደረጃ ቤት-ፍርዲ ዓዲ ቐይሕ

ከሳሲት ወ/ሮ ብርኽቲ ተስፋይ ክፍሉ፡ ተኸሳሲ ኣቶ ገብረሂወት ሃይለ ኣስገዶም፡ ናይ ሓዳር ክሲ ቀሪቡልካ ስለ ዘሎ፡ ብኣካል ወይ ብሕጋዊ ወኪል ን13/11/2025 ኣብ ቤት ፍርዲ ቅረብ፡ እንተዘይቀሪብካ፡ ጉዳይካ ኣብ ዘየለኻሉ ክረአ ምዃኑ ነፍልጥ።


ብስም ወ/ሮ ፈሩዝ ብርሃ ጠልሶም ዝተመዝገበ፡ ብቑ.ፍ.ዋኒን KEL00007259 ዝኾነ፡ ኣብ ዞባ ዓንሰባ ን/ዞባ ከረን ዝርከብ ናይ ኮስሞቲክስ ትካለይ፡ ንወ/ሮ ትርሓስ ኢሲያስ ሹተ፡ ኣድራሻ ከረን ኣካርየዮ ስለ ዘለኹ፣ ዝቃወም ምስ ዝህሉ፡ እዚ ምልክታ እዚ ካብ ዝወጸሉ ዕለት ኣብ ውሽጢ ሰላሳ መዓልታት፡ ስልጣን ዝለዎ ቤት ፍርዲ ተቓውምኡ የቕርብ፡ እንተዘይኪይኑ፡ ዝቃወም ኣካል ከም ዘየለ ተቖጺሩ እቲ ናይ ክራይ ውዕል ሕጋዊ ምዝገባ ከም ዝፍጸመሉ ነፍልጥ።

ወ/ሮ ፈሩዝ ብርሃ ጠልሶም

## ንኻልኣይ ግዜ ዝወጽአ ምልክታ ጨረታ

ዓይነት መግቢ፦ ኣሕምልትን ፍረታትን፡ ስጋ ኩቡቲ ስጡይ ስጋ ጠል ምስ ዓጽሙ፡ እንቋቑሖ ሆላንድ ፍሩይ፡ ጸብ ኩቡቲ፡ ጸብ ኒዶ፡ ዝተቓመመ በርበረ፡ ባኒ ማሰዝከቲ ጥንን መጥሓኒ እኽልን
ኣሃዱ፦ ጨ/ሚ/ጥዕና ዞ/ሰ/ቀ/ባሕሪ
ኣርእስቲ ውዕል፦ ዓመታዊ ቀረብ መግቢ
ዓይነት ጨረታ፦ ሃገራዊ ክፉት ጨረታ
ጨ/ሚ/ጥዕና ዞ/ሰ/ቀ/ባሕሪ ንዓመት 2026 ዓ/ም ካብ ወርሒ 01/01/2026 ክሳብ 31/12/26 ዓ/ም ኣብ ትሕቲኡ ንዝርከብ ሆስፒታልትን ቤት ትምህርትን (ሆስፒታል ምጽዋዕ ሆስፒታል ጊንዳዕ ሆስፒታል ኣፍዓበትን ቤት ትምህርቲ ኣሰሰይት ነርስ ጊንዳዕን) ንሕመማትን ተማሃሮን ዝውዕል ቀረብ መግቢ ከማሪት ስለ ዝደለዩ፡ ንሕጋውያን ኣቕረብቲ መግቢ ይዕድም። (ናይ ጨረታ ቅጥዒን ሓበሬታን ካብ ነፍሲ ወከፍ ሆስፒታልን ቤት ትምህርትን ይወድሱ) ተጫረትቲ ክማልእዎም ዘለዎም ነጥብታት፦
1. ጨ/ሚ/ጥዕና ዞ/ሰ/ቀ/ባሕሪ ንሕጋውያን ኣቕረብቲ ዋጋታት ቀረብ መግቢ (ኣሕምልትን ፍረታትን ሰብሒ ዘይብዝሖ ስጡይ ስጋ ኩቡቲ፡ ስጋ ጠል ምስ ዓጽሙ፡ እንቋቑሖ ሆላንድ ፍሩይ፡ ጸብ ኩቡቲ፡ ጸብ ኒዶ፡ ዝተቓመመ በርበረ፡ ባኒ፡ ማሰዝከቲ ጥንን መጥሓኒ እኽልን) ብዕሹግ ደብዳበ ከቕርቡ ይዕድም።
2. ጨረታ ንኹሉም ሕጋውያን ኣቕረብቲ ክፉት እዩ።
3. ተጫረትቲ ቅዳሕ ናይ ዓመት 2024 ዝተሓደሰ ፍቓድ ዋኒንን ናይ ዓመት 2024 ክሊራንስ ናይ ኣታዊ ውሽጢ ሃገር፡ መንነትን የቕርቡ።
4. ተጫረትቲ፡ ተወሳኺ ሓበሬታ ምስ ዝደልዩ ካብ ቤ/ጽ ሓፈሻዊ ኣገልግሎት ጨ/ሚ/ጥዕና ዞ/ሰ/ቀ/ባሕሪ ሰሙሰም ርእሶም ቁ.ቴሌ 08534562 ናይ ጨረታ ሓበሬታ ኣብ ናይ ስራሕ ሰዓታት ክረኽቡ ይኽእሉ።
5. ብቑዓት ተጫረትቲ፡ ዘይምለስ ጥረ ገንዘብ 100.00 (ሚእቲ ናቕፋ) ከፊሎም ሰነድ ጨረታ ክወስዱ ይግባእ።
6. ጨረታ ኣብዚ ዕለት 08/10/25 ሰዓት 9:45 ቅ/ቀ ኣብ ሆስፒታል ጊንዳዕን ቤት/ትምህርትን ክበጽሕ ኣለዎ። ሰዓት 9:45 ጨረታ ብግልጺ ይኽፈት። ኣብ ዕለት 9/10/25 ኣብ ሆስፒታል ባጽዕን ሆስፒታል ኣፍዓበትን ክበጽሕ ኣለዎ። ብዕለት 9/10/25 ሰዓት 9:45 ብግልጺ ይኽፈት። ደንገዩ ዝቐረብ ጨረታ ይንጸግ። ጨረታ፣ ተጫረትቲ፡ ሕጋውያን ወኪልቲን ክሳተፉ ዝደሊ ሰብን ሰራሰርዓት ወይ ኣከፋፍታ ጨረታ ክዕዘቡ ዝመጽኡ ሰባትን ኣብ ዝተረኽቡሉ ኣብ ነፍሲ ወከፍ ሆስፒታልን ቤት ትምህርትን ይኣቱ። ኣብ ቦታኡ በዚ ዝተገልጸ ዕለትን ሰዓትን ጨረታ ብግልጺ ይኽፈት።
7. መኽበሪ ጨረታ ዝምለስ ንነፍሲ ወከፍ ኣጫራቲ ትካል ጥዕና፣ ኣሕልምትን ፍረታትን ስጋን ባኒን 20.000.00 ናቕፋ፡ ንእንቋቑሖ በርበረ፡ ጸብ፡ ማሰዝከቲ ጥንን መጥሓኒ እኽልን ን10,000 ናቕፋ ብሰፒኦ (CPO) ክትሕዙ ይግባእ።
8. ጨረታ፡ መምርሒ ዕድግን ምምሕዳር ንብረት መንግስትን ብዝእዝዞ መሰረት ይካየድ።
9. ተጫራቲ ነቲ ዝተዓወተሉ መግቢ ብናቱ መጎዓዝያ፡ ናብ ዝተዓወተሉ ሆስፒታላት የቕርብ።
10. ጨ/ሚ/ጥዕና ዞ/ሰ/ቀ/ባሕሪ ብምሉእ ወይ ብኸፊል ጨረታ ንምስራዝ ማሰሉ ዝተሓለወ እዩ።

ጨ/ሚ/ጥዕና ዞ/ሰ/ቀ/ባሕሪ
ጨ/ሓፈሻዊ ኣገልግሎት
ሓደሽ ኩትምያ (ልዕሊ ቤተ ማዝከር ዞ/ሰ/ቀ/ባሕሪ) 3 ደርቢ ምጽዋዕ
ቁ.ቴሌ 08534562



## ምስጋና

ብሞት ወላዲትና ኣቦና ኣቦና ተ/ጋ ተኽለይ ጺጋይ ገብረሚካኤል፡ ዝተሰመዓና መሪር ሓዘን እናገለጽና፣ ኣብ ግዜ ዕረፍቱ ኣብ መቓብር ሓርበኛ ዘቃበርኩምና፡ ናብ ገዛና ዝተመላለስኩምና፡ ካብ ወሻጥን ወጻእን ደዊልኩም ዘጸናናዕኩምና፡ የቐንየልና ሕሰም ኣይትርኣዩ እናበልና ሓዘንና ከምዝገጸና ብኣኽብሮት ንገልጽ።

ምሉኣት ስድራቤት



## ምስጋና

ብዕረፍቲ ወድና ናትናኤል ግርማይ ኣማኑኤል፡ ዝተሰመዓና ሓዘን እናገለጽና፣ ኣብ ዓዲቐ ዘቃበርኩምና፡ ኣብ ገዛና እናተመላለስኩም ተኻፊልኩም ሓዘንና ዝኾንኩምን ካብ ወሻጥን ወጻእን ብቴሌፎን ዘጸናናዕኩምናን፡ ኣብ ኣንኮላ ሬሳ ኣብ ምፍናው ዝተሓባበርኩምና፡ ካህናት ቤት ክርስቲያን ቅድስቲ ማርያም ኣንኮላ፡ ኣባላት ኢምባሲ ኤርትራ ኣብ ኣንጎላን ነበርቲ ኣንጎላን ከሉኹም ኣሕዋትን ፈተውትን የቐንየልና ሕሰም ኣይትርኣዩ እናበልና ሓዘንና ከምዝገጸና ንገልጽ።

ወለዱ ኣቶ ግርማይ ኣማኑኤል
ምስ ወ/ሮ ትርሓስ ፍስሃየ
ምስ ምሉኣት ስድራቤት

ነቲ ኣብ ንኡስ/ዞባ ኣቖርዳት ከባቢ ማእከላይ ሰፈር ፕሎት 52 ፓርሰል A ዚፕ ኮድ 1A119 ጎደና 119-6 ቁጽሪ 1 ዓይነት ገዛ ተራ ስፍሓት መሬት 46.52 ብዝሒ ክፍልታት 1 ሓገዝቲ 1 ብመለለዪ ንብረት ምም/ ASD0048989 ዝበረ መለለዪ ንብረት 1/018265 ሕጂ ብመለለዪ ቁ.ንብረት 1BRASM019605/0 ብስም ኣደሊና ኮሎምቢኒ ማዛየ ዝተመዝገበ ንኣቶ በርሀ ገብረያሱስ የሴፍ ስለ ዝሸጥኩሉ'ሞ ናብ ስሙ ከመሓልልፎ ስለ ዝደለኹ፣ ነዚ ዝቃወም እንተሎ፡ ምልክታ ኣብ ጋዜጣ ሓዳስ ኤርትራ ካብ ዝወጸሉ ዕለት ኣብ ውሽጢ ሓደ ወርሒ፡ ሕጊ ብዝእዝዞ መሰረት ካብ ዝምልከቶ ቤት ፍርዲ ናይ መኣገዲ ትእዛዝ ወይ ናይ መውዓኢታ ውሳነ ይግበይ ተባሂሉሉ እንተኾይኑ ሒዙ ናብ ቤት ጽሕፈት ፓብሊክ ኖታሪን ቤ/ጽ ሃገራዊ ካዳስተርን ይቕረብ።

ወ/ሮ ኣደሊና ኮሎምቢና ማዛየ

ኣብ ዞባ ማእከል ምም/ን/ዞባ ጎዳይፍ ብስም ለተሰላሰ ሞገስ ምስግሩን ዝፍለጥን ብዚፕኮድ "1A719" ፕሎት "76" ፓርሰል "A1" ጉጸለት ቁጽሪ "-" መለለዪ ቁ-ንብረት 1BRASM019559 ተመዝጊቡ ዝርከብን ገዛ፡ ጠቕላላ ስፍሓት 250.00 ት/ሜ ብዕድጊ ናይ ስም ምትሕልላፍ ይገብረሉ ስለ ዘለኹ፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ሕጊ ብዝእዝዞ መሰረት ካብ ዝምልከቶ ቤት ፍርዲ መኣገዲ ትእዛዝ ወይ ናይ መውዓኢታ ውሳነ ሒዙ ኣብ ውሽጢ 30 መዓልቲ ናብ ቤት ጽሕፈት ፓብሊክ ኖታሪን ቤት ጽሕፈት ሃገራዊ ካዳስተርን ይቕረብ።

የናስ ገብርሂወት ግርማይ
ወኪል ገብርሂወት ግርማይ

ብስም ሚዛን ስብሃቱ ሰንጋል ዝተመዝገበ፡ ብቑ.ፍ.ዋኒን ASL00014304 ዝኾነ፡ ኣብ ዞባ ማእከል ን/ዞባ ጎዳይፍ ጎደና በሰግድራ ቁጽሪ 21 ዝርከብ ናይ ቤት መግቢ ትካለይ፡ ንኣቶ ተስፋይ ተወልደ ዘሞ፡ ኣድራሻ ዞባ ማእከል ን/ዞባ ሰንበል ጎደና 835-6 ቁጽሪ 31 ካብ ዕለት 08/07/2025 ክሳብ ዕለት 07/07/2027 ኣካርየዮ ስለ ዘለኹ፣ ዝቃወም ምስ ዝህሉ፡ እዚ ምልክታ እዚ ካብ ዝወጸሉ ዕለት ኣብ ውሽጢ ሰላሳ መዓልቲ፡ ስልጣን ዝለዎ ቤት ፍርዲ ተቓውሞኡ የቕርብ፡ እንተዘይኮይኑ፡ ዝቃወም ኣካል ከም ዘየለ ተቖጺሩ እቲ ናይ ክራይ ውዕል ሕጋዊ ምዝገባ ከም ዝፍጸመሉ ነፍልጥ።

ሚዛን ስብሃቱ ሰንጋል

# ምልክታ

ናጽነት ደስበለ - ሓበን ገብረኣምላኽ-ሳምራዊት መለስ

ASMARA MINING SHARE COMPANY

ASMARA MINING SHARE COMPANY
Abo Street, No. 178, House No. 16
Gejeret, P.O. Box 10688
Tel. ++291-1-153986
Asmara, Eritrea

## VACANCY ANNOUNCEMENT

**Asmara Mining Share Company is inviting applicants for the following position.**
**Laboratory Technician**
**Number required – (06)**
**Type of contract – Indefinite**

**Major Duties and responsibilities**

- The Laboratory Technician will primarily be responsible for accurately and efficiently weighing and digesting samples, as well as conducting fire assaying for process plant, mining/geology, and exploration applications.
- Additionally, the incumbent will perform routine, non-complex laboratory tests (e.g. titrations, pH analysis, bulk density, and specific gravity etc.).
- All work will be conducted in a safe, timely, and professional manner.

TASK DESCRIPTION EXPANDED TO CORE PERFORMANCE AREA

**SHEC**

- Promote safety, health & environmental awareness and involvement in order to prevent injuries and/or damage
- Ensure appropriate action is taken to remove/manage hazards/ risks identified in your work areas and activities
- Fulfill responsibilities including reporting of incidents via the appropriate processes
- Maintain a safe, healthy & environmentally fair and friendly work environment
- Ensure all daily technical group toolbox and safety meetings are attended
- Ensure any faults or downtime is reported to the area supervisor

**Planning**

- Plan and schedule laboratory tests and analysis
- Plan and manage equipment maintenance and calibration schedules

**Implementation**

- Weighing and digestion of samples for base metals and fire assay gold
- Conduct fire assay of gold – sample fusion, cupellation and digestion
- Responsible for preparation of reagents
- Responsible for routine analysis of samples according to written procedures in order to ensure that results produced are accurate and in line with established precision criteria.
- Reviews all analysis report sheets for completeness and maintains records and archives of all data reports and books.
- Check all equipment before use in order that only good functioning equipment is used at all times and to record data of such checks in prescribed checkbooks.
- Ensure all results are recorded and reported to the laboratory supervisor timely
- Carry out instructions from the superiors to meet sample deadlines and communicate problems to the laboratory supervisor
- Practice good housekeeping

**Quality**

- Ensure that all work generated is in compliance with QC acceptance criteria and reporting to the laboratory Supervisor any work outside acceptance criteria as quickly as possible for corrective action by the Supervisor
- Conduct all work as per written standard operating procedures (SOPs).
- Fill all laboratory forms and maintain records as per the QMS

**Reporting**

- Report results on time.
- Report hazards and unsafe conditions to the laboratory supervisor
- Other reports may be required for laboratory Supervisor.

**Management**

- None

**Profile: Qualifications and Experience**

| | |
|---|---|
| Formal Education, Certifications or Equivalents | • Diploma or Degree in science related fields; Geology, Chemistry, Chemical Engineering, or equivalent assay certification<br>• Oral and written English/Tigrinya is required |
| Working Experience – Nature & Length | • Minimum 2 years of experience in a laboratory setting, preferably in a mining industry.<br>• Good understanding of use of balances & weighing techniques<br>• Digestion of samples using combination of acids<br>• Knowledge and understanding of the use of laboratory equipment e.g. Fume hoods, balances, furnaces etc.<br>• Use of analytical instruments such as titrators, pH meter, Pycnometer, AAS etc.<br>• Experience in fire assay of gold |
| Technical Skills | • Understanding of laboratory procedures, instrumentation, and sample analysis.<br>• Competent with titrations, fire assay, sample digestion<br>• Data analysis and interpretation<br>• Understanding of Quality control and quality assurance procedures used in the mining laboratory set up.<br>• Computer literate (MS office) |
| Behavioral Skills | • Communication<br>• Record-keeping<br>• Team player<br>• Discretion<br>• Self-motivation<br>• Very high sense of urgency<br>• Self-starter and proactive<br>• High level of personal integrity<br>• Attention to detail |

**General Information and other requirements:**

- **Place of Work**: AMSC Sites
- **Type of contract:** Indefinite Period
- **Salary:** As per the Company salary scale

**Additional requirements for Nationals:**

- Having fulfilled his/her National Service obligation and provide evidence of release paper from the Ministry of Defense.
- Present clearance paper from current/last employer.
- Testimonial documents to be attached (CV, work experience credentials, a copy of your National Identity Card, etc.).
- Only shortlisted applicants would be considered a3s potential candidates for an interview.
- Application documents will not be returned to the sender.
- All applications should be sent through the post office.
- Deadline for application: 7 days from the day of publication in the Newspaper.

- **Address: Please mail your applications to:**
  **Asmara Mining Share Company,**
  **P. O. Box 10688 Asmara, Eritrea**
- **Applicants shall be required to send a copy to:**
  **Mineral Resources Management**
  **P.O. Box – 272**
  **Asmara**
- **Note to Eritrean applicants:**
  **Please send a copy of your application to**
  **Aliens Employment Permit Affairs,**
  **P. O. Box 7940 Asmara, Eritrea**

# ባህልና ንምዕቃብን ንምምዕባልን፡ ንተካእቲ ወለዶ ንምውራስን ዝዓለመ ውድድር

ዮናታን የዕብዮ
ወ/ዜ/ዞ/ማእከል
ስእሊ - ሳሙኤን ንጉስ

ኣብ ዞባ ማእከል፡ ብምውህሃድ ክፍሊ ባህልን ስፖርትን ከምኡ ድማ ሃገራውያን ማሕበራት ሃማመተኤ፡ ሃማደኤን ምምሕዳራት ናይ 16 ንኡሳን ዞባታትን ካብ ጥሪ ክሳብ ሓምለ ኣብ ዝነበረ ግዜ፡ ንትንሳኤ ባህልን ስነ-ጥበብን ዝሕግዝ መደባት ውድድር ተኻይዱ ነይሩ።

እቲ መደብ፡ ብቐንዱ ንተሳትፎ ሓደስቲ ስነ-ጥበበኛታን መንእሰያት



ኣቶ ሰሎሙን ድራር

ዝዓለመ'ዩ ነይሩ። በዚ መሰረት፡ መንእሰያት ዝነበሮምን ክእለቶምን ክፍትሹ ዘኽእሎም፡ ንሸውዓተ ወርሒ ዝቐጸለ ጽዕጹዕ ውድድራት ከም ዝካየዱ ተገይሩ። ትሕዝቶ ናይ'ቲ ዝተኻየደ ውድድር፡ ድራማ፡ ትልሂት፡ ምምራሕ መደብ፡ ከምኡ'ውን ሓደስቲ ደርፍታትን ግጥምታትን ዘጠቓለለ እዩ ነይሩ።

መስርሕ ዳንኙት ብመማይት ሸማግለ ጉዳይም ስነ-ጥበበኛታት ዝተመርሐ ኮይኑ፡ ኣብ እዋን'ቲ ውድድር፡ ኣብ ኩለን ንኡሳን ዞባታት፡ ሓለፍቲ ክፍልታትን ጨናፍርን ዞባ ማእከል፡ ኣመሓደርቲ ንኡሳን ዞባታትን ምምሕዳር ከባቢታትን ከምኡ ድማ ብርክት ዝበሉ ወለድን መንእሰያትን ተሳቲፎም።

ክፍሊ ባህልን ስፖርትን ዞባ ማእከል ኣቐድም ኣቢሉ'ውን ብመልክዕ ዝናር ጥበባት፡ ንሃገራውን ሃይማኖታውን በዓላትና ንምድማቕ፡ ብቐንዱ ድማ ንታሪኽን ጅግንነትን ንምንጽብራቕ፡ ሞያዊ ክእለት ብዘውንኡ ስነ-ጥበበኛታት፡ ድንቂ ባህላዊ መሰናድኦታት ኣካይዱ እዩ፡ ሎሚ ዓመት ድማ፡ ጠመተኡ ኣብ ውሽጢ ንኡሳን ዞባታት ተዓቒሩ ዝርከብ ስነ-ጥበባዊ ክእለትን ዓቕምን መንእሰያት ንምፍታሽ፡ ናብ ምምሕዳራት ከባቢ ከም ዝወርድ ብምግባር'ዩ፡ ኑቲ ውድድራት ከኪይድ ወሲኑ፡ እቲ መደብ ድማ፡ ልዕሊ ትጽቢት ብዙሓት ወገናት ዝኾነ፡ ድንቂ ስነ ጥበባዊ ክእለትን ዓቕምን መንእሰያት ዝተራእየሉ ምንባሩ፡ ኣብ እዋን'ቲ ውድድር ብተግባር ተረጋጊጹ እዩ።

ዓርቢ 26 መስከረም 2025፡ ኣብ ንኡስ ዞባ ጉዙጥንዳ ዝርከብ ኣዳራሽ ባህላዊ ማእከል፡ ዘይከም ካልእ መዓልታት፡ ብርክት ዝበሉ፡ ስነ ጥበባዊ ዓቕሞም ኣብ ምብርጋር ዝርከቡ መንእሰያት ወረስቲ ሕድሪ ዝተረኽቡሉ'ዩ ነይሩ። ኣብ'ቲ ንልዕሊ ሸውዓተ ኣዋርሕ ክካየድ ዝጸንሐ ባህላውን ስነ-ጥበባውን ውድድራት፡ ወግዓዊ መዛዘሚ ክዕዘቡን ክማዕርጉን ዝመጽኡ ናይ ክብሪ ዕዱማት ኢጋይሽን ወለዲ ስነ-ጥበበኛታትን ከኣ፡ ብናይ ክብሪ ኣሳሰይቲ ተመሪሖም፡ ናብ ኣዳራሽ ብምእታው ቦታኦም ሒዞም።

መራሒ ናይቲ መደብ፡ ስነ-ጥበበኛ



መለስ ንጉስ ንዕዱማት ኢጋይሽ እንቋዕ ናብቲ ሞሳብ ባህላዊ ትንሳኤ ዘኾነት ኣዳራሽ ባህላዊ ማእከል ጉዙጥንዳ ብድሓን መጻእኩም ድሕሪ ምባል፡ ንዋና ዳይረክተር ክፍሊ ባህልን ስፖርትን ዞባ ማእከል ኣቶ ኣስመሮም ጸጋብርሃን፡ ናይ መኽፈቲ ቃል ክስምዕ ናብ መድረኽ ዓደሞም።

ኣቶ ኣስመሮም፡ ቀንዲ ዕላማ ናይ'ቲ ስነ-ጥበባውን ባህላውን ውድድራት፡ ባህልና ምዕቃብን ምምዕባልን ንተካእቲ ወለዶታት ምውራስን ምኳኑ ሓቢሩ።

ባህሊ ሰፊሕ ትርጉም ዘለዎ ምኳኑ ዝገለጸ ኣቶ ኣስመሮም፡ ደቂ-ሰብ ብሓሳብን ዕዮን ዘፍርይዎ ሓሳባውን ነገራውን መዳያት፡ ንኹሉ ተግባራትን ኣረኣእያታትን ኣመለኻኽታን ንምዕባሌኦምን ዝገልጽ ወጽኢት ኩሉ፡ ሰብኣዊ ንጥፈታት ስለ ዝኾነ፡ ባህሊ መንነትና ብምኳኑ ንዕኡ ንምዕቃብን ንምምዕባሉን፡ ወሃዱ ክንክንን ሓልዮትን ኣብ መጻናዕቲ ዝተመርኮሰ ስራሕን ከምዘድሊ ኣዘኻኺሩ።

ባህሊ ምዕቃብ ሓላፍነት ኩሉ ሕብረተሰብ ኤርትራ ምኳኑ ወሲኹ ዝገለጸ ኣቶ ኣስመሮም፡ ብደረጃ ዞባ ማእከል እቲ መደብ ልዑል ጠመተ ተገይሩሉ፡ መንእሰያትን ቁልዑን ዋንኡ ተሰሚዕዎም ሒዞሞ ንኽዕቢዩ፡ ምምሕዳር ዞባ ማእከል፡ ዝፍ ገንዘባዊ ወጻኢታትን ክኢላዊ ዓቕሚ ሰብን ማዛዙ ክሰርሓሉ ከም ዝጸንሐ ኣረጋጊጹ። እቲ ዝተኻየደ ውድድር፡ ተካእቲ ስነ ጥበበኛታት ኣብ ምፍራይ ዘተባብዕ ወጽኢት ተረኺቡሉ ስለ ዘሎ፡ ኣብ መጻኢ ብዝበለጸ ከም ዝስርሓሉ ጠቒሱ፡ ኑቲ ውድድር ብዓወት ንኽዛዘም ንዝጸዓቱ ኩሎም ወገናት፡ ኣመስጊኑ።

ኣቦ መንበር መማይት ኮሚቴ ውድድር ጉጅለታት ባህሊ ንኡሳን ዞባታት ማእከል፡ ስነ-ጥበበኛ ሰለሙን ድራር ብወገኑ ኣብ ዘስመዖ ቃል፡ ሓደ ካብ'ቶም ባህልና ንምምዕባል ዝካየዱ ዘለዉ ጻዕርታት፡ ምምዕባል ስነ ጥበባት ምኳኑ ጠቒሱ፡ እዚ ኣብ ኩለን ንኡሳን ዞባታት ዝተኻየደ ውዕውዕን መሳጥን ስነ ጥበባዊ ውድድራት ድማ መርኣያ ናይ'ዚ ከም ዝኾነ ኣረዲኡ።

ንሱ፡ ስነ ጥበብ፡ ብምልኡ'ቲ ንባህልታት ሓደ ሕብረተሰብን ባህርን ብመሳጥን ረቂቕን ኣገባብ ጾሚቑ ዘቕርብ መርኣያታት ወይ መግለጺታት ናይ ባህሊ ከም ዝኾነ፡ ንባህልን ሓፈሻዊ ኣመለኻኽታን ናይቲ ሕብረተ ሰብ ድማ ከም ዝገልጽ ብምምልካት፡ እዚ ብቐጥታ ምስ ዝሰርሓሉ፡ ኣብ ምህናጽ ስልጡን ሕብረተሰብ፡ ዓቢ እጃም ከም ዝጻወት ኣገንዚቡ። ነዚ ሓቂ'ዚ ተገንዚቡ፡ ኣብ ሓያለ ዓውድታት ስነ ጥበብ ዝተኻየዱ ውድድራት ክካይድ ንዝወሰነ፡ ክፍሊ ባህልን ስፖርትን ዞባ ማእከል ብምምስጋን፡ እቲ ዝተገበረ ጻዕሪ ኣብ ናእሽቱ መንእሰያት ዝፈጠሮ ናይ ውድድር መንፈስን ዘሕደሮ ጽልዋን ዓቢ ምኳኑ ገሊጹ። ኑቶም ሰብኣውን ንዋታውን ሕጽረታቶም ካብዚን ካብቲን መላለኣን ብድሌት እንተ ተበጊሶካ ዘይከኣል ነገር ከም ዘየለ ዘመስከሩ 16 ንኡሳን ዞባታት ማእከል ከኣ ኣድናቖቱ ገሊጹ።

"ኣብ መንጎ መንእሰያት ዝካየድ ውድድር ኣብ ምቕልቃል ሓደስቲ መንእሰያት ስነ ጥበበኛታት ዝነበሮ ኣበርክቶ ቀሊል ኣይኮነን፡ እቲ ዝተራእየ መስተንክር ክበሃል ዝከኣል ክስተት ከኣ፡ መንእሰያት ስነ ጥበበኛታት፡ ኣብ ዘይ ብዘርዎም ትልሂት፡ ብልዑል ወንን ብቕዓትን ክሰዕሰዑ ምዕዛቡ ንዝይ ቋንቋኦም ከም ቋንቋኦም ክደርፉን ክጥምሙን ምዕዛቡ፡ ኣብ መንእሰያትና ንዘሎ ዕቑር ስነ ጥበባዊ ዓቕሚ ዘንጸባርቕ እዩ፡ እዚ ከኣ ክንሕብሕቡን መመለስና ንምንኩልባኡ፡ ክንጽዕተሉን ዝምጽኡ ዓቢ ጸጋ ስለ ዝኾነ፡ ብዙሓየለ ኣውዓደባ ክቕጽል" ብስም ኮሚቴ ምመያ ውድድራት፡ ለበዋኡ ኣመሓላሊፉ።

ሓላፊ ጨንፈር ባህሊ ዞባ ማእከል፡ ኣቶ ስራጅ ማሕሙድ ብወገኖም፡ እቲ ውድድር፡ ብኣርባዕተ ዓውድታት ስነ ጥበብ ከም ዝተኻየደ ብምሕባር፡ ብደረጃ ንኡስ ዞባን ብውልቅን፡ 48 ሓደስቲ ደርፍታት ከም ዝፈረያ፡ 78 ደርፍታት ከም ዝተደገማ፡ ከምኡ'ውን 11 ሓደስቲ መዛሙርን 16 ሓደስቲ ድራማታትን ከም ዝቐረባ ገሊጹ። ኑቶም ብልውቅን ብንኡስ ዞባን ደረጃ ካብ ቀዳማይ ክሳብ ሳልሳይ ዝተዓወቱ ተወዳደርቲ ድማ፡ ኣብ'ቲ ናይ መዛዘሚ ስነ ስርዓት፡ ዝተዳለወሎም ገንዘባዊ ሽልማትን ምስክር ወረቐትን ከወሰዱ ከም ዝበቕዑ ኣረዲኡ። ኑቲ መደብ ኣብ መጻኢ ብዝያዳ ንምሕያል ድማ፡ ምስ ዝምልከቶም ኣካላት፡ ርክባትን ዘተን ከም ዝካየድ ኣፍሊጡ።

ኣቶ ስራጅ ኣሰዒቡ፡ እቶም ኣብ ውድድር ዝተሳተፉ መንእሰያት ንኡሳን ዞባታት ማእከል፡ ኣብ ምድማቕ መዓልቲ ናጽነት 2025፡ ከምኡ'ውን ፈስቲቫል ኤርትራ 2025፡ ንኹለን ብዘሐራት ዝወክል ስነ ጥበባዊ ምርኢት ብምቕራብ፡ ልዑል ኣበርክቶ ከም ዘበርዖም ኣዘኻኺሩ።



ኣቶ ኣስመሮም ጸጋብርሃን

ኣብ'ቲ ውድድር፡ ብዞባ ደረጃ ቀዳመይቲ ዝወጸት ንኡስ ዞባ ተራሮሎ፡ 'ንብለል 2025' ክትትከውን ከሉ፡ ካልኦት ንኡሳን ዞባታት'ውን ዝተዳለወለን ሽልማታት ወሰደን።

ኣብ መዛዘሚ ናይቲ ስነ-ስርዓት



ኣቶ ስራጅ ማሕሙድ

ኮምሽነር ባህልን ስፖርትን ኤርትራ ኣምባሳደር ዘመደ ተኽለ ኣብ ዘስመዖ ቃል፡ እቲ ቀንዲ መሰርሕ ናይ ዓወት፡ ካብ መሰረት ምስ ዝተሓዝ ምኳኑ ብምሕባር፡ ከምዚ ዓይነት ውድድራት ምስራዕ፡ ኑቶም ኣብ መጻኢ ተሰፋ ኣለምም ዘበዝሉ ብሉጻት ስነ ጥበበኛታት መንእሰያት፡ ብኢጋኡ ንምልላይ ከም ዝሕግዝ ገሊጹ። ኑቲ ኣብ መዛዘሚ ብመንእሰያት ዝቐረበ ዝተፈላለየ ስነ ጥበባዊ ውድድራት ዘለዎ ኣድናቖት ብምግላጽ ከኣ፡ ኣብ መዓልቲ ናጽነት ብመንእሰያት ዝቐረበ ንብዙሓትና ዝወክል ስነ-ጥበባዊ መደባት ድማ፡ ኣካል ናቱ ምኳኑ ኣረዲኡ። ኑቲ መደብ ንኽዕወት ብኹሉ ንዝጸዓረ ምምሕዳር ዞባ ማእከል ከኣ ኣመስጊኑ።

ኣብቲ ዕለት ዝተፈላለየ ትሕዝቶ ስነ-ጥበብ ሒዞም ዝቐረቡ መንእሰያት ብግደኦም፡ ብክፍሊ ባህልን ስፖርትን ዞባ ማእከል ተወዲቡ ብኹለን ምምሕዳራት ንኡሳን ዞባታት ብመልክዕ ውድድር ዝተኻየደ ስነ-ጥበባዊ መደብ፡ ዕቑር ሞያዊ ዝነበሮም ከለልዩ ከምዝሓገዞም ብምግላጽ፡ እቲ መደብ ብዙሓየለ ክቕጽል ኣዘኻኺሮም።

ኣብ መደምደምታ፡ ኣቦ መንበር ባይቶ ዞባ ማእከል ኣቶ ኣብርሃም ሰመረ፡ ዋና ኣካያዲ ስራሕ ምምሕዳር ዞባ ማእከል ኣቶ ዘርኢት ተወልደብርሃንን ዋና ዳይረክተር ክፍሊ ምምሕዳርን ፋይናንስን ኣቶ ተኪኤ ቀለታን ካልኦትን ንዕወታት ዝተዳለወ ገንዘባዊ ሽልማትን ሰርቲፍኬትን ዓደሎም። ኑቶም፡ ኑቲ መደብ ንምዕዋት ዝጸዓሩ ደያኑ፡ ውልቀ-ሰባትን ወከልቲ ሃገራውያን ማሕበራትን ድማ ናይ ምስጋና ምስክር ወረቐት ተዋሂቡ።



# ንቕሓ ደበና

ሄለን መ'ኸታ

## ቈልዓ ንኣቦኡ መሰለ፥ እዝጊ መስለ፣ ንኣዴኡ መሰለ፥ ሰብ መሰለ

### ክንደይ ካብ ባህርያት ሰብ'ዩ ናይ ተወርሶ?



ቈልዓ ምስ ተወለደ ሓደ ካብቲ ኣዛራቢ ዝኾነን ጉዳይ፡ ንነዊሕ ግዜ'ውን ዝቕጽል፡ 'ንኣደኡዶ ይመስል ወይስ ንኣቦኡ?' ዝብል እዩ። ካብ ናይ ኣቦን ኣደን ደጋዊ ምስሊ ዝተፈልየ ምስሊ ዘሎዎ ቈልዓ ከኣ ናብ ኣሞ፡ ሓትኖ፡ ኣባሓጎ፡ እኖሓጎ፡ ወዘተ ተናጢሩ ተመሳሳልነት ክሳብ ዝረክብ ኣብ ምመያ ይጸንሕ። ምስ ዝኾነ ኣባል ስድራ ወይ ምስ ኣቦን ስድራ ኣቦን ዘይመሳሰሉ ገለ ቈልዑ ከኣ ኣደዳ ኣድልዎን ተነጽሎን ይኾኑ። ደጋዊ ምስሊ ጥራይ ድዩ ብተወርሶ ዝመሓላለፍ? ባህሪ ሰብከ ብተወርሶ ይሰጋገርዶ? ክንደይ ካብ ባህርያት ሰብ ብተወርሶ ይሰጋገር?

ባህርያት ልክዕ ከም ደጋዊ ምስልን ኣቃውማ ሰብነትን፡ ካብ ወላዲ ናብ ውሉድ ብተወርሶ ይሰጋገር እዩ። ክንደይ ሚእታዊት'ዩ ካብ ባህርና ብተወርሶ ዝሰጋገር? ናይ መን ወይ ከመይ ዝበለ ባህሪ'ዩ ዝያዳ ዝሰጋገር? … ንዝብል ሕቶታት፡ ልክዕ ከምቲ ብተወርሶ ዝሰጋገር ደጋዊ ምስሊ፡ ተጨባጢ መልሲ ዘይብሉ፡ ናይ ኣደዶ ናይ ኣቦ? ወይስ ናይ ዓባይና ዝያዳ ባህሪ ንወርስ? ዝብል ሕቶ'ውን ውድዓዊ መስሊ የብሉን። ተወርሶኣዊ ባህሪ፡ ብጀነቲካዊ ኣገባብ'ዩ ዝዋደድ፣ ሓሙሽተ መለለዪ ከኣ ኣሎዎ።

1- ተወርሶኣዊ - ኣብ ዲኤንኤይ ተሸፊሩ (encoded) ካብ ወለዶ ናብ ወለዶ ክሰጋገር ይኽእል፣

2- ተፈጥሮኣዊ - ኣብ ኩሎም እንስሳታት ወይ ሰባት ይርከብ፣ ዋላ ኣብቶም ተገሊሎም ዘርከቡ ሰባት ንረኽቦ፣

3- መለሳ ኣልቦ - ኣብ ኩሎም እንስሳታትን ሰባትን ብተመሳሳሊ ኣገባብ ብተደጋጋሚ ይኽሰት፣

4- ዘይተዓጻጻፊ - ብደጋዊ ወይ ኣከባብያዊ ጽልዋ ዘይለዋወጥ፣

5- ፍጹምነት ዘሎዎ - ልምምድ ወይ ምእዘና ዘየድልዮ፡ ኣብ ፈለማ ተበግሶ ዕዉት ዝኾነ (ንኣብነት፡ ቈልዓ ምስ ተወልደ ብጥዕናኡ ምስ ዝውለድ ብዘይ ናይ ዝኾነ ሓገዝ ንእለቱ ይበኪ)።

ተወርሶኣዊ ባህሪ፡ ብተፈጥሮ ዝተዋደደ ግብረ መልሲ ንደጋዊ ኵነት ኮይኑ፡ ኣብ ክልተ ከኣ ይኽፈል። እቲ ብብዝሒ ኣብ ሰብን እንስሳታትን እንርእዮ ጋእታዊ ግብረ መልሲ (reflex)፡ ታሲስ (taxis)ን ኪነሲስ (kinesis)ን ምስ 'ፎኩስ ተወርሶኣዊ ባህሪ' ይምደብ። ጋእታዊ ግብር መልሲ፡ ሰብ ክሃርመና ወስ ምስ ዝብል እነርእዮ ቅጽበታዊ ናይ ምክልኻል ወይ ምጥቃዕ ግብረ መልሲ እዩ። 'ታሲስ'፡ ዝተማእዘነ ምንቅስቓስ ወይ ግብረ መልሲ ምሃብ፣ ናብ ስሓቢ ኵነት ምቕራብ ወይ ካብ ኣሰጋኢ ኵነት ከኣ ምህዳም ማለት እዩ። ንኣብነት፥ ጣንጡ ኣብ ዘሎዎ ኣከባቢ ኮፍ እንተ ኢልና፡ ጣንጡ ካርቦን ዳይ ኦክሳይድ ስለ ዝስሕቦም፡ ናብቲ ዘለናዮ ቦታ ብምምጻእ ይነኽሱና፣ ትኪ ምስ ገበርና ከኣ ካብቲ ቦታ ይስወሩ። እቲ ሳልሳይ 'ኪነሲስ' ኮይኑ፡ ዘይተማእዘነ ናይ ምንቅስቓስ ግብረ መልሲ እንስሳታት እዩ። ንኣብነት፥ ናብ ሓደ ጸላማት ገዛ ኣቲና ልቺ ምስ ወላዕና፡ ኣብቲ ገዛ ዝጸንሑ ድዑዕ ናብ ዝተፈላላየ መኣዝን ክሃድሙ'ን ክሕብኡ'ን ንርእዮም።

ተወርሶኣዊ ባህሪ ተፈጥሮኣዊ ግብረ መልሲ ንደጋዊ ኵነት ይኹን እምበር፡ እቲ ደጋዊ ጽልዋ ምስ ተኣልየ ከይተረፈ፡ እቲ ግብረ መልሲ ይቕጽል እዩ። እዚ ተፈጥሮኣዊ ባህሪ ከኣ 'ውሱን ኣሰራርዓ ዘሎዎ ንጥፈት' ተባሂሉ ይጽዋዕ። ናይዚ ኣብነት፥ ህጻን ክጠቡው ጸኒሑ ጡብ ካብ ኣፉ እንተ ወጺኡ፡ ናይ ምጥባው ምንቅስቓስ ኣይገድፍን ወይ ኣብ ከባቢ ከንፈሩ ዝኾነ ነገር ምስ ዝቐርብ ናይ ምጥባው ምልክት የርኢ። እዚ ኣቐዲሙ፡ ዝተጠቕሰ ዝተፈላላየ ተወርሶኣዊ ባህርያት፡ ኣብ ሰባትን እንስሳታትን ምስ ርኣናዮ ኣዚና ንድነቕ ኢና። ናይ ኣዋርሕ ህጻን ኣጻዕትና ኣቕርብ ምስ ኣበልናሉ ኣጥቢቑ ይሕዘና'ሞ ንግራምን ገና ልቢ ዘየቋጸረ ህጻን ከመይ ኣቢሉ ክንዲኡ ዝረአ ግብረ መልሲ ይህብ? ኢልና ንሓትት። እዚ ባህርያትን ግብረ መልስን ኣብ መስርሕ ፍልቀት፡ ሰብ እናተማህሮ፡ እናኣዕበዮ፡ እናመለኾን እናርዓሞን ንነዊሕ ግዜ (ሚልዮናት ዓመታት) ብምኻድ፡ ኣብዚ ግዜ'ዚ ኣካል ጀነቲካዊ መለለዪ ሰብ ኮይኑ ካብ ወለዶ ናብ ወለዶ ይሰጋገር ኣሎ።

ብተወርሶ፡ ደጋዊ ትርኢት፡ ኣቃውማ ሰብነት፡ ሕማም፡ ባህርያትን ክእለትን ክሰጋገር ይኽእል እዩ። ማለት ኣብ ጀነቲካዊ ቅሻረት፡ ኣብ ናይ ምዕባለ መስርሕ (ገለ ቈልዓ ቀልጢፉ ስኒ የውጽእ ገለ ከኣ ይድንጉ)፡ ከምኡ'ውን ኣብ መትሓላለፊ መትንታት ዋህዮ ሓንጎል፡ በብደረጃኡ ነጸብራቕ ንረክብ። ገለ ቈልዑ ንኣቦኦም ወይ ንኣደኦም ክመስሉ እንከለዉ፡ ብባህሪ ግን ንኻልእ ኣባል ስድራ ክመስሉ ይኽእሉ። ገለ ከኣ ከም ኣቦኦም ወትሩ ሕጉሳትን ሕዉሳትን ይኾኑ፣ ግን ናይ ኣቦሓጎኦም ቀልጢፍካ ናይ ምሕራቕ ባህሪ ክወርሱ ይኽእሉ።

እንስሳታትን ሰባትን ብኣድህቦ ምስ እንዕዘቦም ቀሊልን ዝተወሳሰበን ተወርሶኣዊ ባህርያት ኣሎዎም። እዚ ተወርሶኣዊ ባህርያት ብምስርሕ ፍልቀት ኣቢሉ ቅርጺ እናሓዘ፡ ኣብ መዋቕር ዲኤንኤይ ፍጡራት ተሸፊሩ፡ ዝኾነ ጀነቲካዊ ምትእትታው እንተ ዘይረኺቡ ካብ ወለዶ ናብ ወለዶ ይሰጋገር። ብመሰረቱ፡ ተወርሶኣዊ ባህርያት ክምዕብልን ካብ ወለዶ ናብ ወለዶ ክሰጋገርን ፍልቀታዊ ኣገዳስነት ስለ ዘሎዎ እዩ። ሰብ ክሰርር፡ ክፈርን ክርዕምን ዘኽእል መሰረታዊ ባህርያት ከኣ እዩ።

## ብተወርሶ ዝሰጋገር ባህርያት ሰብ

1. ምስሓቕ
2. ምሕካኽ
3. ኣብ ቊራሪ ኵነታት ኣየር ምንፍጥፋጥ
4. ምንቡሃቕ
5. ምስ ተሰርነቕካ ምስዓል
6. ምጥባው (ጡብ ኣደኡ፡ ዓባይ ዓባይቶ ኢድ ወይ ካልእ ኣጻብዕቲ ኢድ…)
7. ከይትወድቕ ኣጥቢቕካ ምሕዛ (ህጻን ንላዕሊ ሓፍ ምስ ኣበልካዮ ኣጥቢቑ ምሓዛ)
8. ብምካይ
9. ቋሕ ሰም ምባል
10. ምርሃጽ
11. እሕሕ ምባል
12. ምህንጣስ
13. ብርሃን ምስ በርትዓካ ዓይንኻ ምጭምጫም
14. ምውሓጥ
15. ሰገጥ ምባል
16. ዘሰግእ ነገር ምስ ኣጓነፈ ኣብ ተጠንቀቕ ምኳን
17. ብእግሪ ደው ኢልካ ምኻድ
18. ምሕንባስ
19. ኣብ ማይ ምስ ኣተኻ ትንፋስ ምሕባእን ዓይኒ ምዕማትን
20. ጥዑም ዝሽታኡ መግቢ ምስ ሸተትካ ኣፍካ ማይ ምምላእ
21. ነብስኻ ሰኽፍክፍ ምባል … ወዘተ

## ኣከባቢ፡ ኣብ ምዕባይ ተወርሶኣዊ ባህርያት ጽልዋ ኣሎዎዶ?

ዕፉን ክንዘርእ ምስ እንደሊ፡ ዘርኢ ዕፉን የድሊ። መጠን ፍርያት ኣብ ፍረ ዘርኢ ዕፉን ጥራይ ዝተሓጽረ ኣይኮነን፣ ልሙዕ መሬት፡ ማይ፡ ምቹእ ኵነታት ኣየርን ካልእን ክጸልዎ ይኽእል። ተወርሶኣዊ ባህሪ፡ ኣብ ዲኤንኤይ ተሸፊሩ ካብ ወለዶ ናብ ወለዶ ዝመሓላለፍ ተፈጥሮኣዊ ትዕድልቲ እዩ፣ ይኹን እምበር፡ ብዘይ ምቹእ ኣከባቢ ክምዕብልን ክሕይልን ኣይክእልን። ገለ ተወርሶኣዊ ባህርያት ወይ ክእለታት ዘወድቀሉ ውሱን ዕምሪ ኣሎዎ። ንኣብነት፥ ብልሓዊ ክእለት ካብ ወላዲ ናብ ውሉድ ክሰጋገር ይኽእል እዩ። ቈልዓ ተወሊዱ፡ ተወርሶኣዊ ባህርያቱ ወይ ክእለቱ ከዕቢ ብዝኽእል ሜላ ምስ ዘይኵስኰስ ተወርሶኣዊ ክእለቱ ዕምሩ ክወድቕ ይኽእል። ኣብ ሓደ ኣጋጣሚ ምስ ልዑል ብልሓዊ ክእለት ዘሎዋ ቈልዓን ኣደኣ ተራኺበ ነይረ። እታ ቈልዓ ኣብቲ ግዜ'ቲ ጓል ሓሙሽተ ዓመት እያ ነይራ። ልዕሊ ሰለስተ ቋንቋታት ትመልኽ፡ ልዑል ናይ ምዝካር ክእለትን ኣደናቒ ክእለት ማሕባራዊ ጥበባትን ነይሩዋ። ንእሽቶ ሓዋ'ውን ወዲ ሰለስተ ዓመት እንከሎ ፍሉይ ተኽኢካዊ ክእለት የንጸባርቕ ከም ዝነበረ ኣደኦም ገሊጸት። ዋላ ላባራቶሪ ኣእቲና መጠን ብልሒ ኣእምሮ እዞም ቈልዑ ኣይንዓቕን፡ ምስ ዕድመኦም ብምንጽጻር ልዑል ብልሒ ኣእምሮ ከም ዝነበሮም ግሁድ እዩ። ኣደኦም፡ ደቃ በሊሕ ኣእምሮ ዘውንኑ ምዃኖም ብኸመይ ከተለሊ ከም ዝኸኣለት ምስ ሓተትኩዋ፡ ንሳ'ውን ኣብ ዕድመኦም እንከላ ተመሳሳሊ ክእለት ከም ዝነበራ፡ እንተ'ኾነ ወለዳ ፍሉይ ኣድህቦ ከም ዘይሃብዎን ድሕሪ ገለ ግዜ እናተዳኸመ ከም ዝኸደን ገሊጻ። ኣብዚ ግዜ'ዚ፡ እዛ ኣደ ንደቃ ብልሒ ኣእምሮኦም ዝዕቅን ንጥፈታትን ትምህርትን እናኣዋደደት ክእለቶም ኣብ ምዕባይ ትሰርሕ ኣላ። መርኣያ ናይዚ ከኣ፡ ጓላ፡ ጓል 8 እንከላ መጽሓፍ ቈልዑ ካብ ቋንቋ እንግሊዝኛ ናብ ትግርኛ ተርጒማ ከተመርቕ በቒዓ።

ብተወርሶ ዝተሰጋገረ ባህሪ፡ ካብ ፈለማ ክልለ እንተ ኮይኑ፡ እቲ ባህሪ ክንጸባረቕ ዝድርኽ ኣከባቢ ክህሉ ኣለዎ። ናይ ምስናዕ፡ ቋንቋ፡ ምዝካር፡ ኣካላዊ ምትዕጽጻፍ፡ ወዘተ ፍሉይ ክእለት ንዘሎዎም ቈልዑ፡ ክእለቶም ከነለሊ፡ ክጻወቱን ኣከባቢኦም ክፍትሹን ባይታ ክፍጠር ኣሎዎ። ኣብ ሓደ ዕጹውን ውሑስን ኣከባቢ ምሕጻር፡ ተወርሶኣዊ ባህርን ክእለትን ኣብ ውሽጢ ተዓቢጡ ክተርፍ ክድርት ይኽእል እዩ። ተወርሶኣዊ ባህሪ ክምዕብል ደፋኢ ካብ ዝኾነ ክልተ ኣገዳሲ ረቛሒታት እምበኣር፤

1- ብኣርኣያ ምምልማል - ተወርሶኣዊ ባህሪ፡ ህጻን ኣብ ማህጸን ኣደኡ እንከሎ'ዩ ክምዕብል ዝጅመር። ህጻን ምስ ተወልደ ከኣ ብዝሓየለ ኣገባቡ ይቕጽል። እቲ ዝመቸኦን ኣዝዩ ኣገዳስን ተወርሶኣዊ ባህርያት ዝኹስኰሰሉ ዕድመ ከኣ ህጻንነትን ቊልዕነት እዩ (0-12)። እዚ ክበሃል ከሎ፡ ልዕሊ 12 ዝዕድመኦም ቈልዑን እኹላት ሰባትን ተሰፋ የብሎምን ማለት ዘይኮነ፡ ገለ ገለ ባህርያትን ክእለትን ኣብ ንኡስ ዕድመ ክትምልምሎም ተመራጺ ስለዝኾነ እዩ። ኣብዚ ክሊ ዕድመ'ዚ ከኣ ቈልዓ ተመጣጥነት ሓንጎሉ ኣዝዩ ሓያል እዩ፣ ስለዚ፡ ዝኾነ ባህርያትን ክእለትን ክትምልምሎ ይከኣል። እንተ'ኾነ፡ ከም ናይ እኹሉ ሰብ ብምኽርን መግለጽን ክትምህሮ ኣይከኣልን። ስለዚ፡ ብኣርኣያ ምምልማል እቲ ውጽኢታን ጸላውን ኣገባብ ይኸውን።

2- ርኽብ ወለድን ቈልዑን - ቈልዑ ተወርሶኣዊ ባህርያቶም ካብ ወለዶም እዮም ዝወርስዎ። ስለዚ ወለዶም ጥራይ እዮም ንዘሎዎም ተወርሶኣዊ ባህርያት ከለልይዎ፡ ከማእዝንዎን ክምልምልዎን ዝኽእሉ። ቈልዓ ምስ ወለዱ ብዙሕ ግዜ ምስ ዘሕልፍ፡ ንባህርያቱን ኣመለኻኽታኡን ትርጉም ክረኽበሉ ኣይጽገምን። ብድሆ ኣብ ዘጓንፎ ከኣ ወለዱ ክሕግዝዎን ክከላኸልሉን ይኽእሉ። በዚ መሰረት ከኣ ተወርሶኣዊ ባርያቱን ክእለቱን ብርእሰ ተኣማንነት ከማዕብሎ ይኽእል።

# ስፖርት

ኣብርሃም ዮውሃንስ (ወዲ ዕቋር)

## ‘ክሉብ ኩዕሶ ሰኪዐት ኣሰር ሚኒ-ባስኬትቦል’ 200 ተመሃሮ ኣመረቐ

ኣብ ትሕቲ ክሉብ ኩዕሶ ሰኪዐት ኣሰር ተጠርኒፎም ክስልጥኑ ዝጸንሑ 76 ደቂ-ኣንስትዮ ዝርከብኦም 200 ህጻናት፡ ዝሓለፈ ሰሙን ተመሪቖም። እዞም ብኣሰልጣኘን ጉዳም ተጻዋታይ ኩዕሶ ሰኪዐትን ኣድሓኖም ሰለሙን እናተኣልዩ ክስልጥኑ ዝጸንሑ ህጻናት፡ ኣብ ክሊ ዕድመ 7 ክሳዕ 16 ዓመት ዝርከቡ ኩዩኖም፡ ብዮዙበርን ክልሰ-ሓሳብን ዝተሰነየ ስልጠና ቀሲሞም።

ኣብ’ቲ ንመበል ሳልሳይ ግዜኡ ዝተኻየደ ናይ ምምራቕ ስነስርዓት ቃሉ ዘስመዐ ኣሰልጣኒ ኣድሓኖም ሰለሙን፡ እዚ ትምህርቲ ንዑበየት ኩዕሶ ሰኪዐት ሃገርና ዝዓለመ ኩይኑ፡ ብዓበኡ ካብ ወልፍታት ናጻ ዝኾነ ጥዑይ ዜጋ ንምፍራይ ዝሀልዎ እጃም ቀሊል ዘይምኳኑ ኣረዲኡ። ብተወሳኺ እቲ ንዓመት ምሉእ ዝተዋህበ ኮርስ ብክልሱ-ሓሳባውን ግብራውን ዝተሰነየ ኩይኑ፡ ብዘይካእ’ውን ንትምህርቲ ስሩዕናን ካልእ ንመጻኢ ህይወቶም ክጠቕሞም ዝኽእል ዝተፈላለየ ትምህርትታትን ዘጠቓለለ ምንባሩ ድሕሪ ምጥቃሱ፡ ወለዲ ንደቆም እንተውሓደ ኣብ መዓልቲ ክልተ ሰዓታት ኣብ ሰሙን ከኣ ሰለስተ መዓልታት ናብ መኣዲ ስፖርት ክልእኹ ተላብዩ።

ኣብቲ ብዘርክት ዝበሉ ኣፍቀርቲ ስፖርትን ወለዲ ሰልጠንትን ማማቒ ዝተኻየደ ስነስርዓት መመረቕታ፡ ሰልጠንቲ ካብ ኣሰር ስፖርት ሚኒ ባስኬት ቦል ዝተዓደለሎም ሰርቲፍኬትን መዓልያን፡ ካብ ኢድ ሓለፍቲ ፌደረሽን ኩዕሶ ሰኪዐት ኤርትራን ዝተፈላለዩ ሓለፍቲን ዕዱማትን ክቕበሉ እንከለው፡ ጹብሉል ንዝበሉ ሰልጠንቲ ድማ መዓልያን ዋንጫን ተዋሂቡ። ብተወሳኺ ንክልተ ኣብጾታውያን ወለድን ካብ ደገፍ ኩዕሶ ሰኪዐት ዚይተፈልዩ ሽዱሽተ ደገፍቲ ኸኣ መተባብዒ ሽልማት ተበርኪቱ።

ኣብ’ቲ ኢጋጣሚ ናይ 12 ክፍሊ ኣካዳምያውን ወተሃደራውን ትምህርቶም ዛዚሞም ኣብ ሃገራዊ መርመራ (ማትሪክ) ብሉጽ ነጥቢ ሐሊፎም ካብ ሳዋ ንዝመጹኡ 12 ተመሃሮ መበል 37 ዙርያ ኣባላት ናይ’ታ ጋንታ’ውን ሽልማት ኣሰር ተዋሂቦም።



## ሳላሕ፡ ንግብጺ ኣሳጊሩዋ

ኣብ ፕሪመር ሊግ ብደርቀት ሸቶ ክንቀፍ ዝጸንሐ መሓመድ ሳላሕ፡ ንሃገሩ ግብጺ ክልተ ሸቶታት ብምቑጻር፡ ሓንቲ ጸወታ ተሪፉዋ እንከሎ ናብ ዋንጫ ዓለም ኣሰጊሩዋ።



ሃገራዊት ጋንታ ግብጺ ንመጻረዪ ዋንጫ ዓለም 2026 ኣንጻር ጁቡቲ ኣብ ካዛብላንካ ኣብ ዘካየደቶ ጸወታ፡ 3-ብ0 ብምርታዕ ንምርሖን ቱንዝያን ሰዒባ ሳልሰይቲ ናብ ዋንጫ ዓለም ዝሓለፈት ኣፍሪቃዊት ሃገር ክትከውን በቒዓ።

ኣብዛ ግጥም ፎርማናውያኑ ኣብ መበል ሸሞንተ ደቒቕ ካብ ኢብራሂም ዓድል ብዝረኸበዋ ሸቶ መሪሕነት ክሕዙ ክኢሎም። ኣብ ሊቨርፑል ከምቲ ዝድለ ሸቶ ዘየመዝግብ ዘሎ ሳላሕ ከኣ ክልተ ሸቶ ብምቑጻሩ፡ እዛ ንዋንጫ ኣፍሪቃ ሸውዓተ ግዜ ብምዕዋት ክብረ-ወሰን ሒዛ ትርከብ ግብጺ ንናይ 2026 ዋንጫ ዓለም ትኬት ክትቕርጽ በቒዓ። ኣብዚ ቅድሚ ክልተ ዓመት ዝፈለመ መጻረዪ ዋንጫ ዓለም 2026 ፡ መሓመድ ሳላሕ ንሃገሩ ግብጺ ትሸዓተ ሸቶታት ኣቑጺሩላ ኣሎ።

ግብጺ፡ ኣብ ዋንጫ ዓለም ሰለስተ ግዜ ክትሳተፍ እንከላ፡ ኣብቲ ኣብ ቀጥር ዝተኻየደ ናይ 2022 ጸወታ ኣይተሳተፈትን። ኣብ 2026 እተካየዶ ጸወታ ኸኣ ራብዓይ ሰታፊኣ ክኸውን’ዩ።



## ካብ ገጻት ማሕበራዊ መራኸቢታት


**ኣለኺ. ዝበላ ኑበሲ.**

ቀዳም 4 ጥቅምቲ’ዩ፡ ናይ ቅድም ተጻዋታይ ጁቬንቱስን ሳውዝሃምፕተንን ዝነበረ ሆላንዳዊ ኣጥቃዓይ ኤልጀሮ ኤልያ፡ ኣብ ሆላንድ፡ ሃይለይደንርጥን ሌዳደን ዝርከብ ጉደና ‘A4’ ብዝሰደሞም መንገዲ ካብ ሰለስተ ማኪና ዝርከበኦ ግጭት ንስክላ ድሒኑ።

ኣብቲ ከበድ ሓደጋ ዝኸሰ ሰብ እኳ መጉዳእቲ እንተ ዘይወረዶ፡ እታ 270 ሽሕ ፓውንድ ዝዋጋኣ ላምፓርጊኒ ዝዓይነታ ማኪና ኤልያ ግን ተሓምሺሻ’ያ። ፖሊስ ኣልኮላዊ መስተ ሰቲዩ ነይሩ ከይከውን ብምጥርጣሩ፡ ንኤልያ ሓዊሱ ኣብቲ ከበቢ ዝነበሩ ክልተ ሰባት ናብ መደበር ፖሊስ ወሲዱዎም።

ኤልያ ንፖሊስ ኣብ ዝሃቦ መግለጺ፡ “መንገዲ ባዶ’ዩ ነይሩ፡ ሽዑ ብፍህሪ እታ ቅድሚት ዝነበረት ማኪና ደው በለት። ፍሬኖ ሓዚዙ፡ ግናኸ መኽርኽር ሓፊፊፍ ብምባሉም ፍጹም ስምብደኩ፡” ብምባል ነቲ ዘጋጠሞ ሓቢሩ።

ካብ ኣኻሒኻሒ. ሓደጋ ዝደሓነ ኤልያ፡ ሓደ ካብቶም ብሉጻት ጉዳይም ተጻወትቲ ኩዕሶ እግሪ ሆላንድ’ዩ ነይሩ። ንጁቬንቱስ፡ ፈይኖርድ፡ ኤፍሲ ትዌንተ፡ ወርደር ብሬመን ከምኡ’ውን



ሳውዝሃምፕተን ወኪሉ ድማ ተጻዊቱ።

ኣብ ኣህጉራዊ ግጥማት 30 ግዜ ንሃገራዊት ጋንታ ሆላንድ ዝተሰለፈ ኤልያ፡ ብ2022 ብምኽንያት ምጭብባጥ ጅማውቲ ጫማኡ ሰቒሉ።

**ወዝንቲ ቶተንሃም 100 ሚልዮን ፓውንድ የውፍሩ**

ዝለዓለ ዋንነት ቶተንሃም ዘለዎም ኣውፊርቲ 100 ሚልዮን ፓውንድ ናብታ ክሉብ የእትዮም።

ቶተንሃም፡ ነዚ ሓድሽ ዝተሰልዐ ገንዘብ ኣመልኪታ ኣብ ዘውጸኣቶ መግለጺ፡ “እዚ ተወሳኺ ጸጋ፡ ንዋሕስ ስፖርታዊ ዓወት ዓሊሙ ዝተገብረ ኸኣ ዩ፡ ንዝዩናንሳዊ ኣቃውማ ዘሐይልን መሪሕነት ናይታ ክሉብ ዘጥቕዓንዩ” ኢሉ።

እቲ ዝጠዘለ ዋንነት ናይታ ክሉብ እቲ ብልዊስ ፋሚሊ. ትረስት ዝምራሕ ናይ ወፍሪ ጉጅለ ኢኒክ ዝውሃን ኩዩኑ፡ 86.58% ዋንነት ቶተንሃም ኣሎዎ። እቲ ዝተረፈ 13.42% ድማ ብጠንኣሸቱ ጉጅለ ኣውፊርቲ ዝተታሕዘየ።



## ኣሞሪም፡ ብሉጽ ኣሰልጣኒ ክኸውን.......

ሩበን ኣሞሪም፡ ኣብ ወርሒ ሕዳር፡ ካብ ፖርቱጋል ናብ ኦልትራፎርድ ካብ ዝመጸእ ዓመቱ ክመልእ’ዩ። ሰሩዓቱ ምስ እንዕዙበ ግን ውጽኢቱ ጽቡቕ ዝበሃል ኣይኮነን።

ማንቸስተር ዩናይትድ፡ ዝሓለፈ ዓመት መበል 15 ደረጃ ሒዛ ብምዝዛማ፡ ኣብ ታሪኻ ድሕሪ ናይ 1973-74 ዝሓዘቶ ደረጃ ዝኸፍኤ ውጽኢት ሰሪዓ። ኣብ ክረምቲ ልዕሊ 200 ሚልዮን ፓውንድ ወጻኢታት ገይራ ከተኣኽቕ፡ ኣብ ፕሪመር ሊግ ሰለስተ ስዕረት ክተመዝግብ እንከላ፡ ብናይ ራብዓይ ደቪዥን ጋንታ ኸኣ ካብ ካራባኦ ካፕ ተገሊፋ። ብዙሓት ወገናት ድማ፡ ጠንቂ ምንቅልቓል ውጽኢት ማንቸስተር ዩናይትድ፡ እቲ 3-4-2-1 ቅዲ ኣሰላልፋ ሩበን ኣሞሪም እዩ ብምባል ነቐፌታኦም የስምዑ።



ውጽኢት ማንዩናይትድ ካብ ዝኸፍኣ ናብ ዝብኣሰ ኣብ ዝኸደሉ ዘሎ እዋን፡ ኣሞሪም ካብታ ጋንታ ክሰናበት ዝጸውዕ ደሃይ ኣብ ዝበርኸሉ ሰዓት ከኣ፡ ሓደ ካብ ወሰንቲ ኣካላት ናይዛ ክሉብ ዝኾነ ግን ኣብ ጉድኑ ከም ዘሎ ይገልጽ፡ ሰር ራትክሊፍ።

ራትክሊፍ ምስ ‘ታይምስ’ ኣብ ዝገበሮ ቃለ-መሕትት፡ ኣሞሪም ብሉጽ ሰብ ምዃኑ ድሕሪ ምግላጹ፡ ክእለቱ ከርኢ ግዜ ከም ዘድልዮ ሓቢሩ።

እቲ ኣብ ማንቸስተር ዩናይትድ 30% ዋንነት ዘለዎ ብዓል ሃብቲ፡ ዓወት ብሓደ ረፍዲ ከም ዘይመጽእ ብምሕባር፡ ኣሞሪም ብሉጽ ብቕዓቱ ከርኢ ሰለስተ ዓመት ከም ዘድልዮ ሓቢሩ።

መግለጺ ራትክሊፍ ነቶም ኣሞሪም ብምስናባት ውጽኢት ጋንትኦም ክመሓየሽ ትጽቢት ክገብሩ ዝጸንሑ ደገፍቲ፡ ሰለስተ ዓመት ክጸበዩ ዝቓስበ’ዩ።

## “ኣብ ልዕሊ ፈርናንደዝ ሕነይ ፈድየ’የ፡” ዊልያም ሳሊባ

ኣብ ኣርሰናልን ኣብ ናይ ዲደር ዲሻም ሃገራዊት ጋንታ ፈረንሳን ወሳኒ ተጻዋታይ ምዃኑ ኣመስኪሩ ዘሎ ዊልያም ሳሊባ፡ ሃገሩ ፈረንሳ ብዘኾነ ሰብ ዋላ’ውን በቲ ሻምፕዮን ዓለም ዝኾነ ልዮኔል መሲ. ከም ዘይትህደድ ብምግላጹ፡ ነቲ ኣብ ዋንጫ ዓለም ዝወረዶም ስዕረት፡ ምስ ኣርሰናል ብምዃን ኣብ ልዕሊ. ኢንዞ ፈርናንደዝ ሕነኡ ከም ዝፈደየ ሓቢሩ።

ኣርጀንቲናዊ ኢንዞ ፈርናንደዝ ሃገራዊት ጋንታ ኣርጀንቲና ኣብ ሓምለ 2024፡ ንኮሎምብያ ረቲዓ ኮፓ ኣመሪካ ምስ ኣልዓለት፡ ምስ ገለ ደቂ ጋንትኡ ብምዃኑ ንተጻወትቲ ፈረንሳ ዘቋሽሽ መዝሙር እናዘመረ ዝርኢ ቪድዮ ኣብ ናይ ‘ኢንስታግራም’ ገጹ ለጢፉ ነይሩ’ዩ። ፈርናንደዝ ኣብ ግዜኡ ነዚ ተግባሩ ይቕረታ’ኳ እንተ ሓተተ፡ ብርክት ዝበሉ ፈረንሳውያን ተጻወትቲ ግን ቂም ሐዚሞሉ ከም ዘለዉ’ዩ ዝነገር፡ ሓደ ካብዚኦቶም ድማ ዊልያም ሳሊባ’ዩ።



ዊልያም ሳሊባ ኣብቲ ብቕድሚ ትማሊ ዝሃቦ ጋዜጣዊ መግለጺ. ኸኣ ድሮ ኣብ ልዕሊ. እዚ ተጻዋታይ ሕነኡ ከም ዝፈደየ ሓቢሩ።

ኢንዞ ፈርናንደዝ ሽዱሽተ ሰሙን ድሕሪ ዋንጫ ዓለም ምልዓሉ’ዩ ኣብ 2023 ብ143 ሚልዮን ዶላር ካብ ቤንፊካ ናብ ቸልሲ. ተጸንቢሩ። ቸልሲ. ኣንጻር ኣርሰናል ኣብ ዘካየደቶም ጸወታ ኸኣ ኣርሰናል ብዓብላልነት ክትወጽእ ክኢላ። ኣርሰናልን ቸልስን ኣብ ዘካየድኦ ዳሕረዎት 12 ግጥማት፡ ኣርሰናል ኣብ ሸሞንተ ግጥም ክትዕወት እንከላ፡ ኣብ ሰለስተ ድማ ማዕረ ወጺኦን። ኣርሰናል፡ ኣብ ትሕቲ መሪሕነት ሚከኤል ኣርቴታ፡ ዕብላለ ቸልሲ. ከም ዘብቅዐ ብምግባር፡ ወርቃዊ ታሪኽ ክተጽሕፍ ካብ ዘኽኣሉዋ ወሰንቲ ተጻወትቲ ሓደ ኸኣ ዊልያም ሳሊባ’ዩ።

ሳሊባ፡ ኣብ ልዕሊ. ፈርናንደዝ ሕነኻ ፈዲኻዶ? ዝብል ሕቶ ምስ ቀረበሉ፡ ፍሽኽታ ብምቕዳም፡ “ክሳዕ ሕጂ ንሱ ምስ ቸልሲ. ኩይኑ ኣይሰዓረናን ዘሎ፡ ስለዚ. ምስ ኣርሰናል ኩይነ ሕነይ ፈድየ’የ፡” ክብል መሊሱ።

ዊልያም ሳሊባ፡ ኣብቲ ፈረንሳ ብኣርጀንቲና ተረቲዓ ዋንጫ ዓለም 2022 ካብ ምልዓል ዝኸልከለት ግጥም፡ ዋላ’ኳ ኣብ ሜዳ ኣይወረደ፡ እቲ ናይ ሽዑ ዝኸሪ ክሳዕ ሕጂ ከም ዘይሃደኖ’ዩ ዝገለጸ። ነቲ ናይ ሽዑ ሕማቕ ስንብራት ከኣ፡ ኣብ ዋንጫ ዓለም 2026 ከሕውዮ ትጽቢት ገይሩ ይርከብ።

## ባርሴሎና፡ መተካእታ ለዋንዶስኪ. ተቋምት

ባርሴሎና፡ ዋንጫ ላ ሊጋ ንምዕታር ኣብ እትገብሮ ቅልስ ዘሕግዛ ማስመር ምጥቃዕ ንምድልዳል ኣብ ትገብሮ ዘላ ጻዕሪ፡ መተካእታ ለዋንዶስኪ. ዝኾና ተጻዋታይ ተቋምት ከም ዘላ ተገሊጹ።

ባርሴሎና፡ መተካእታ ለዋንዶስኪ. ክኾውን ብምሕራይ ብቑዓይ ደረጃ ኣብ ዓይና የእትያቶ ዘላ ተጻዋታይ፡ ናይ ቪላሪያል ኣጥቃዓይ ኢታ ኢያንጋ እዩ።

እዚ. ካሜሮናዊ ኣጥቃዓይ ኣብ ወርሒ. ነሓሰ ምስ ቪላሪያል ብምሕዳስ ክሳዕ 2029 ዝጸንሕ ውዕል ክህልዎ እንከሎ፡ መልቀቒ ዋጋኡ ድማ ክሳዕ 30 ሚልዮን ዩሮ ከም ዝበጽሐ ይግለጽ። ብመሰረት ማዕከናት ዜና ስጳኛ ዝዝርግሕኦ ዘለዋ ሓበሬታ ግን፡ ለቫንተ ምስ ቪላርያል ብዘለዋ ስምምዕ ብትሕቲ 15 ሚልዮን ዩሮ ክትሉቖ ትኽእል’ያ።

ብርክት ዝበላ ኣብ እንግሊዝን ስጳኛን ዝርከባ ክለባት ኣብ ልዕሊ. እዚ. ተጻዋታይ ተገዳስነት ዘርኣያ ክኾና እንከለዋ፡ ባርሴሎና ግን ካብ ኩለን ቀዲማ ምስ ተጻዋታይ ውልቃዊ ስምምዕ ብምግባር፡ ኣብ ክረምቲ 2026 ንምምጽኡ ትሰርሕ ዘላ።



እያንጋ፡ ኣብ ካልኣይቲ ጋንታ ናይ ቪላርያል ተሰሊፉ 19 ሸቶታት ከመዝግብ እንከሎ፡ ሸዱሽተ ቀረብ ንሸቶ ድማ ገይሩ። ይኹን እምበር፡ ቀዳመይቲ ጋንታ ቪላርያል ኣብ ዓመተ ስፖርት 2025-26 ናይ ምስላፍ ውሕስነት ክትፈጥረሉ ብዘይምኽኣላ፡ ኣብ ወርሒ. ነሓሰ ናብ ለቫንተ ክጸንበር ተገዲዱ። እዚ. ካሜሮናዊ ኣጥቃዓይ፡ ማልያ ለቫንተ ለቢሱ ኣብ ዘካየዶ ሓሙሽተ ግጥማት፡ ኣርባዕተ ሸቶታትን ሓንቲ ቀረብ ንሸቶን ገይሩ ይርከብ።

ባርሴሎና፡ ንለዋንዶስኪ. ንምትካእ ኣብ እትገብሮ ዘላ ጻዕሪ፡ ጎድኒ ጎድኒ እያንጋ፡ ንናይ ኣትሌቲኮ ማድሪድ ጁልያን ኣልቫረዝን ናይ ቦርሽያ ዶርቱሞንድ ሰርሁ ጉራሲያን ኣብ ትዕዝብቲ የእትያቶም ትርከብ።

# ዜና ዓለም

ዮርዳኖስ ጸጋይ

## እስራኤልን ሓማስን፡ ኩናት ቓዛ ክቋረጽ ተሰማሚዖም

ፕረዚደንት ኣመሪካ ዶናልድ ትራምፕ፡ እስራኤልን ሓማስን፡ ኣብቲ ቀዳማይ ምዕራፍ እማመ ምቁራጽ ተኹሲ ወሽመጥ ቓዛ ከም ዝተሰማምዑ ኣፍሊጡ፡፡

እቲ ኣብ ቀረባ መዓልታት ንኽፍጸም ተስፋ ተገይሩሉ ዘሎ ስምምዕ ግብራዊ ምስ ዝኸውን፡ ብሓማስ ጅሆ ተታሒዞም ዘለዉ እስራኤላውያን ክልቀቑ፡ ከምኡ’ውን ብእስራኤል ተኣሲሮም ዘለዉ ቁጽሮም ዘይተፈልጠ ፍልስጤማውያን እሱራት ክፍትሑ እዮም፡፡

ብዘወሳኺ፡ ኣብ ወሽመጥ ቓዛ ዓሲኪሩ ዝርከብ ሰራዊት እስራኤል ካብታ ወሽመጥ ክወጽእን፡ ኣድላዪ ሰብኣዊ ሓገዛት ከኣ ናብታ ወሽመጥ ክኣትዉን ምኽኑ ተፈሊጡ ኣሎ፡፡

መንግስቲ እስራኤል፡ ነቲ ብሓማስ ተቐቢልዎ ረኺቡ ዘሎ ስምምዕ ምስ ዘጽደቐ፡ ተኹሲ ኣብ ቓዛ ምሉእ ብምሉእ ደው ክብል ምኽኑ፡ ናይ ቀረባ ተዓዘብቲ ይገልጹ፡፡

ብርክት ዝበሉ መራሕቲ ሃገራት፡ ሰድራ ቤት ናይ’ቶም ብሓማስ ጅሆ ተታሒዞም ዘለዉ እስራኤላውያንን ብቲ ኩናት ዝተመዝበሉ ፍልስጤማውያንን፡ ነቲ ኣብ ማእከሎም ዝርከብ ስምምዕ ምቁራጽ ተጻብኦ ብሓጎስ ከም ዝተቐበልዎ፡ ማዕከናት ዜና ዓለም የቃልሓ ኣለዋ፡፡




ፕረዚደንት ትራምፕ ድማ፡ እቲ ስምምዕ ምቁራጽ ተኹሲ፡ ኣብ መወዳእታ ናይዚ ሰሙን’ዚ ክጸፍፍ ምኽኑ ገሊጹ ኣሎ፡፡

ሓማስ፡ ኣመሪካን ካልኦት ኣብቲ ስምምዕ ሰላም ክሳተፉ ዝጸንሑ መንግስታት ሃገራትን፡ እስራኤል ነቲ ስምምዕ ብዘይ ምድንጓይ ንኸተትግብሮ ጸቕጢ ክገብሩ ጸዊዑ ኣሎ፡፡

እቲ ኣብ ማእከል ዘሎ ሓድሽ ስምምዕ፡ ኣብ መንጎ እስራኤልን ሓማስን ዝተበጽሐ ሳልሳይ ስምምዕ ምቁራጽ ተጻብኦ ከም ዝኾነ ጸብጻባት የመልክታ፡፡

## ኣብ ልዕሊ ፕረዚደንት ኤኳዶር ፈተነ ቅትለት ተኻይዱ

ኣብ ልዕሊ ፕረዚደንት ኤኳዶር ዳኒኤል ኖቦዓ፡ ፈተነ ቅትለት ከም ዝተኻየደ ዝተጠርጠሩ ሓሙሽተ ውልቀ ሰባት፡ ኣብ ትሕቲ ቀይዲ ከም ዝኣተዉ፡ ሚኒስተር ጸጥታ ናይታ ሃገር ሓቢሩ፡፡

እቲ ፍጻመ፡ ፕረዚደንት ዳኒኤል ኖቦኣ ኣብቲ ደቀባት ዝነብሩሉ ኣብ ዞባ ካናር ዝርከብ ከባቢ፡ ሓዱሽ ፕሮጀክት ትሕተ ቅርጺ ማይን ረሳሕ ፈሳሲን ንምልላይ ኣብ ዝተረኽበሉ እዋን እዩ ኣጋጢሙ፡፡



ሚኒስተር ጸጥታ ኢነስ ማንዛኖ ንጋዜጠኛታት ኣብ ዝሃቦ መግለጺ፡ ከባቢ 500 ዝኾኑ ሰልፈኛታት፡ ነታ እቲ ፕረዚደንት ተሳፊሩላ ዝነበረ ማኪና ብምኽባብ ኣእማን ከም ዝደርበዩን ጠያይት ከም ዝተኮሱን ኣፍሊጡ፡፡

እታ ሚኒስተር ወሲኻ፡ ፕረዚደንት ዳኒኤል ቡቲ መጥቃዕቲ ዝኾነ መጕዳእቲ ከም ዘይበጸሖ፡ ቡቲ መጥቃዕቲ ዝተጠርጠሩ ሰባት ድማ ኣብ ትሕቲ ቀይዲ ኣትዮም ከም ዝርከቡ ኣረዲኣ፡፡

ቤት ጽሕፈት ፕረዚደንት ኤኳዶር ድሒሩ ኣብ ማሕበራዊ መራኸቢ ‘ኤክስ’ ኣብ ዘሰፈሮ ጽሑፍ ድማ፡ እቶም ኣብ ትሕቲ ቀይዲ ዝርከቡ ውልቀ ሰባት፡ ብሽበራን ፈተነ ቅትለትን ክኽሰሱ ምኻኖም ኣፍሊጡ፡፡

ዝሓለፈ ወርሒ’ውን ኣብ ዞባ ኣምባቡራ፡ ኣስታት 350 ሰልፈኛታት ኣብ ልዕሊ ፕረዚደንት ዳኒኤል ተሳፊሩዋ ዝነበረት ማኪና መጥቃዕቲ ዳርባ እምኒ ከም ዝፈጸሙ፡ ምንጮታት ይሕብሩ፡፡

ፕረዚደንት ዳኒኤል፡ ሃገሩ ንምርግጋእን ዘይሕጋዊ ምስግጋር ዕጹ ፋርስ ንምግታእን ዝዓለመ ቁጠባውን ጸጥታውን ጸገናታት ኣብ ዘካይደሉ ዘሎ እዋን፡ ብዝበዝሐ ተቓወምቲ ይገጥሞ ከም ዘሎ፡ ናይ ቀረባ ተዓዘብቲ ይገልጹ፡፡

ተቓወምቲ ግን፡ እቲ ቡቲ ፕረዚደንት ዝወሰድ ዘሎ ናይ ጸገና ስጉምትታት፡ ንደቀባትን ትሑት እቶት ዝለዎም ዜጋታትን ብኣሉታ ዝጸሉ ምኻኖም እዮም ዝምጉቱ፡፡

ሰብ መዚ ናይታ ሃገር፡ ግብረ ሽበራውያን ጭኢታታት ናብቲ ብደቀባት ዝካየድ ናይ ተቓውሞ ሰልፍታት ሰሊኾም ብምእታው፡ ወሽጣዊ ናዕቢ የለዓዕሉ ምህላዎም እዮም ዝወቕሱ፡፡

## ኢራንን ሩሲያን ንዩክሌሳዊ ምትሕብባረን ንምድንፋዕ ተሰማሚዐን

ሓላፊ ውድብ ኣቶማዊ ጸዓት ኢራን መሓመድ እስላሚንን ሳዕለዋይ ብዓል ስልጣን ኮርፖረሽን ኣቶማዊ ጸዓት ፈደረሽን ሩሲያ ሮዛቶም ኒኮላይ ስፓስኪን ኣብ ጣህራን ብምርኻቦም ኣብ ዓውዲ ሰላማዊ ንዩክለየሳዊ ጸዓት ምትሕብባርም ንምዕባይ ከም ዝተዘተዩ ተሓቢሩ፡፡

ውድብ ኣቶማዊ ጸዓት ኢራን ድሕሪ እቲ ዝሓለፈ ረቡዕ ዝተኻየደ ዘተ ኣብ ዝሃቦ መግለጺ፡ እቲ ዝርርብ ሰፊሕን ንኻልእ መዳያት ምትሕብባር ዝሸፈነን ምንባሩ ኣረዲኡ፡፡

ኒኮላይ ስፓስኪ ናብ ጣህራን ምብጻሕ ዘካየድ ዘሎ፡ ድሕሪ እቲ ሓላፊ ውድብ ኣቶማዊ ጸዓት ኢራን ብ24 መስከረም ናብ ከተማ ሞስኮ ተጓዒዙ ምስ ፈደረሽን ሩሲያ ኣብ ንዩክሌሳዊ ጸዓት ኣመልኪቱ ዝኸተሞ ናይ ምርድዳእ ማዕቀፍ እዩ፡፡

እቲ ናይ ምርድዳእ ማዕቀፍ ድሕሪ ምኽታሙ፡ ሰብ ስልጣን ኢራንን ፈደረሽን ሩሲያን፡ ኣብ ህንጻት መመንጨዊ ንዩክሌሳዊ ጸዓት ዘውዕል ናይ 25 ቢልዮን ዶላር ስምምዕ ከም ዝኸተሙ ክፍለጥ ተኻኢሉ ኣሎ፡፡



## ህንድን ብራዚልን ቁጠባዊ ዝምድናአን ንምሕያል ዘትየን

ህንድን ብራዚልን፡ ዘካይዳኦ ዘለዋ ክልተኣዊ ወፍሪ ንምድንፋዕን ቁጠባዊ ዝምድናአን ንምሕያልን ኣብ ዝሕግዙ ነጥብታት ከም ዝዘተያ ተሓቢሩ፡፡

እቲ ዘተ፡ ብዱሓፊ ንግዲ ህንዲ ራጀሽ ኣግራዋልን ጸሓፊት ንግዲ ወጻኢ ብራዚል ታቲያና ሳሮናን እዩ ኣብ ከተማ ኒውደልሂ ተኻይዱ፡፡

ፕረዚደንት ኣመሪካ ዶናልድ ትራምፕ፡ ኣብ ልዕሊ ካብ’ተን ኣባላት ‘ብሪክስ’ ዝኾና ክልተ ሃገራት ናብ ዕዳጋታት ሃገሩ ዝኣትዋ ንግዳዊ ፍርያት ናይ 50 ሚእታዊት ቀረጽ ምስልዑ ዝዘከር እዩ፡፡

ክልተአን ሃገራት፡ ኣብ መንጎአን ንዝካየድ ንግዳዊ ሽርክነት ኣመልኪተን ሕጂ ንመብል ሻብዓይ ግዜ እየን ኣኼባ ዘካይዳ ዘለዋ፡፡

እቲ ብራዚልን ህንድን ዘካይዳኦ ዘለዋ ተኸታታሊ ኣኼባታት፡ ምስ ንግዲ ኣብ ዝተኣሳሰሩ ጉዳያት ንምዝታይ፡ ከምኡ’ውን ዝለወን ንግዳዊ ስክፍታታት ንምፍታሕ ዝድርኽ ምኻኑ ይግለጽ፡፡

ዝሓለፈ ሓምለ፡ ቀዳማይ ሚኒስተር ህንዲ ናሬንድራ ሞዲ፡ ድሕሪ’ቲ ኣብ ሪዮ ዲ ጃኔሮ ዝተኻየደ ዋዕላ ‘ብሪክስ’ ምስ ፕረዚደንት ብራዚል ሉዊዝ ኢናስዮ ሉላ ዳ ሲልቫ ብምርኻብ፡ ኣብ ዝቕጽሉ ሓሙሽተ ዓመታት፡ ክልተኣዊ ንግዲ ናይተን ሃገራት ናብ 20 ቢልዮን ዶላር ክብ ንምባል ከም ዝተመያየጡ ምንጮታት ይሕብሩ፡፡



## ማክሮን ሓዲሽ ቀዳማይ ሚኒስተር ክረቁሕ ወሲኑ

ፕረዚደንት ፈረንሳ ኢማኑኤል ማክሮን፡ ኣብ ውሽጢ 48 ሰዓታት፡ ሓድሽ ቀዳማይ ሚኒስተር ክረቁሕ ምኻኑ፡ ቤት ጽሕፈት ቤተ መንግስቲ ናይታ ሃገር ኣፍሊጡ፡፡

ምስ ፕረዚደንት ማክሮን ጥቡቕ ቅርበት ከም ዘለዎ ዝግለጽ፡ ቀዳማይ ሚኒስተር ፈረንሳ ኮይኑ ክየጹ ዝጸንሐ ሰባስትያን ሌኮርኑ፡ ዝሓለፈ ሰኑይ ስልጣኑ ከም ዝሓደገ ይዝከር፡፡

ቀዳማይ ሚኒስተር ፈረንሳ ነበር ሰባስትያን ሌኮርኑ፡ ኣብ ውሽጢ ዓመት ዘይመልእ ግዜ ስልጣኑ ዘጠንጠነ ሳልሳይ ቀዳማይ ሚኒስተር ፈረንሳ ክኸውን ክኢሉ ኣሎ፡፡

ሌኮርኑ ዝሓለፈ ረቡዕ ምስ መደበር ቴለቪዥን ናይታ ሃገር ኣብ ዘካየዶ ቃለ መሕትት፡ መስርሕ ምቛም መንግስቲ፡ ቡቲ ኣብ ውሽጢ ባይቶ ፈረንሳ ዘሎ ናይ ሓሳብ ፍልልይን ቡቶም ንዘቕጽል ፕረዚደንታዊ ምርጫ ዘቋምቱ ዘለዉ ፖለቲከኛታትን ተሓላሊኹ ከም ዘሎ ኣገንዚቡ፡፡



ንሱ ወሲኹ፥ ቀንዲ ብደሆ ናይ’ቶም ኣብ ውሽጢ ዓመት ዘይመልእ ግዜ ስልጣኖም ዝሓደጉ ቀዳሞት ሚኒስተራት ፈረንሳ፡ ብደረጃ ኤውሮጳ ብዕዐዩ ኣብ ሳልሳይ ተሰሪዑ ዝርከብ ሃገራዊ ዕዳ ናይታ ሃገር ምኻኑ ኣረዲኡ፡፡



| ተረኛ ፋርማሲ | ዕለት | ኣድራሻ | ቁ.ስልኪ |
| --- | --- | --- | --- |
| ፋርማሲ ፋማሊ | 10/10/25 | ጎደና 195፡6 ከባቢ ባሕቲ መስከረም፡ ኂ ቤት መግቢ ሊባኖስ | 110740 |

ፋርማሲ ቁ.1 መዓልታውን ለይታውን ኣገልግሎት ትህብ ቁ.ቴሌፎን 127565